# ኢፕድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቁፅሪ 10 9 ጥሪ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00




# “ስራሕቲ ኢኮቱሪዝም ወንጪ- ደንዲ ኣብ ሓፂር እዋን ብፅርየት ምፍፃም ከምንኽእል መርኣዩ ‘ዩ ”

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብዪ ኣሕመድ (ዶ/ር)

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ፕሮጀክት ስራሕቲ ኢኮቱሪዝም ወንጪ- ደንዲ ኣብ ሓፂር እዋን ተጀሚሩ ብፅርየት ምፍፃም ከምንኽእል መርኣዩ ‘ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዪ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣካል ፕሮጀክትታት “ገበታ ንሃገር” ዝኾነ ፕሮጀክት ኢኮቱሪዝም ወንጪ- ደንዲ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ብወግዒ እንትምርቑ ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፤

“ስራሕቲ...ናብ ገፅ 6



ኣይተ የማነ ገድሉ

# በዓል ጥምቀት ኣብ ከተማ ማይጨው ብፍሉይ ንምኽባር ምድላዋት ተወጊኖም

- ኣብ ካልኦት ከተማታት ‘ውን ተማሳሳሊ ምድላዋት ተገይሮም

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- በዓል ጥምቀት 2016 ዓ.ም ኣብ ከተማ ማይጨው ብፍሉይ ንምኽባር ምድላዋት ከምተገብሩ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡ ከምኡ ‘ውን ኣብ ካልኦት ከተማታት ተማሳሳሊ ምድላዋት ምግባሩ ተገሊፁ፡፡

ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ብቕዓት ምርግጋፅ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ኣይተ የማነ ገድሉ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከም ዝበልዎ፤ ኣብ ክልል ትግራይ በዓል ጥምቀት ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ብድሙቕን ብፍሉይን ኹነታትን ክኽበር ‘ዩ፡፡

ኣብ ከባቢ ማይጨው ዝፍለጡ ባህላዊ ኣልባሳትን ጫማን፤ መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብመልክዕ ምርኢት ፋሽንን ፅባቐን ብምቕራብ ነቲ በዓል ድምቀት ንክህቡ ምድላዋት እናገበሩ ‘ዮም ኢሎም፡፡

ምስቲ በዓል ተተሓሒዞ ኣፍቲ ከባቢ ዝርከቡ መስሕባት ቱሪዝም መልክኣ ምድሪ ኣብ ማይጨው ዝርከቡ ኅቦታት ንኣብነት ኅቦ ፅበት፣እምባ ኣላጀን ኻልኦትን ዑደት ብምግባር ስራሕቲ ምፍላጥ እቲ ኸባቢ ክግበር ‘ዩ፡፡

ኣብዚ በዓል ብፍላይ እቶም ኻልኣይ ወለዶ ዲያስፖራ ክመፁ ‘ዮም፤ እዞም መናእሰይ እዚኦም ባህሊ ዓዶም ከመይ ከምዝመስል ከስተማቕርዎን ክፈልጥዎን ዕድል ዝኸፍት ከም ዝኾነ ዝገለፁ እቶም ዳይሬክተር፤ ዝተፈላለየ ስራሕቲ ባህላዊ ኢደ ጥበብ ከም ዓለባ ቦፎ፣ዕጣቕ፣ሳእኒ ዝኣመሰሉ ዝሰርሑ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ብደቀቕትን ኣናእሽተይን ተወዲቦም ስራሕቶም ዘቕርቡሉ ፍልፍል እቶት ክኸውን ዝኽእል በዓል ‘ዩ፡፡

እቲ በዓል ሃይማኖታዊ ትሕዝትኡ ሓልዩ ኣብ ቱሪዝም ሃገር ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ንምጉልባት

በዓል ጥምቀት...ናብ ገፅ 6

# በዓል ጥምቀት ብሰላምን ፍቅርን ክነኽብሮ ይግባእ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- በዓል ጥምቀት እቲ ሃይማኖት ብዝእዝዞ ስርዓት መሰረት ብሓድነት፣ ብሰላምን ፍቅርን ክነኽብሮ ይግበእና ክብሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃገረ ስብከት ቤተ ክርስትያን መካነ ሰማእት ቅዱስ ቂርቆስ ሰባኬ ወንጌል መምህር ብርሃነህይወት ግርማይ ተዛሪቦም፡፡

መምህር ብርሃነህይወት ንጋዜጣ ወጋሕታ ከም ዝበልዎ፤ በዓል ጥምቀት ሓፈሻዊ ትሕዝትኡ ሃይማኖታዊ ‘ዩ፡፡ እዚ በዓል ብኽልተ መገዲ ዝርኣይ እንትኸውን፤እቲ ቐዳማይ ሓደ ኣማኒ ክርስትና ክፍፅሞ ዝግባእ ሕጊ ሃይማኖት ‘ዩ፡፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ቐዳመወት ኣቦታትናን ኣዴታትናን ኣኽቢሮም ሒዞሞ ዝፀንሑ ሃይማኖት ምስ ባህሊ ብምጥማር መንነቱ ክገልፀሉ ዝኽእል ስርዓት ብምህናፅ ሕብረተሰብ በቲ በዓል ኣቢሉ ሓድነት ንክህልዎ ዝገብር ‘ዩ፡፡


እቶም መምህር ከም ዝበልዎ፤ ወንጌለ ማቴዎስ ምዕራፍ 3 ቑፅሪ 10 ከም ዝሕብሮ ጎይታና መድሓኒትና ኢየሱስ ክርስቶስ ዳግም ተወሊዱ 30 ዓመት ሙሉእ እናገልገለ ድሕሪ ምፅናሕ ብፍቓዱ ናብ ባሕሪ ዮርዳኖስ ኸይዱ ንመጥምቀ ዮሃንስ ኣጠምቐኒ ኢልዎ፤ ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ትሕትና ንምግላፅን እቲ ስርዓት ተግባራዊ ንክኸውን ባዕሉ ኣብነት ኮይኑ ‘ዩ፡፡

ብምኽንያቱ ድማ ሃይማኖትና ሰላም ፍቕርን ሓድነትን ‘ዩ ዝሰብኽ፤ ስለ ዝኾነ እቲ ሃይማኖት ዝእዝዘናን ነቲ በዓል ደስ ዘብልን ሰናይ ተግባር እናፈፀምና ክነኽብሮ ኣለና፡፡ ገለገለ ዝርኣዩ ነቲ ሃይማኖት ይኹን ንማሕበረሰብ ዝጎድእ ፀያፍ ምግባር ስኽራንን ፅቡቕ ትርጉም ዘይብሎም ደርፍታትን ረብሻታትን ክእለዩ ይግባእ ኢሎም፡፡

በዓል ምኽንያት ገይርና ተፈላልዩ ዝነበረ ሰብ ዕርቅን ሰላምን ክፈጥር፤ዝተፃልአ ድማ ይቕረ ክበሃሃልን ክቀራረብን ይግባእ ኢሎም፡፡ ሓደ ነቲ ኻሊእ ክሕብሕቦን ክሓስበሉን ከም ዘለዎ፤ ከምዚ እንተገይርና ከም ሕብረተሰብን ሃገርን ዘለውና ፀገማት ክፍትሑ ይኽእሉ ‘የም፡፡

ነቲ በዓል እንትነክብር ሕብረተሰብን መንፈሳዊ ህይወትን ካብ ዝጎድኡ ተግባራት ርሒቕና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተጎድኡ ወገናት ብምሕብሓብን ብምድግጋፍን ክነሕልፎ ኣለና ኢሎም፡፡

ከምኡ ‘ውን እዚ በዓል እዚ ናይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ምኳኑ ተገንዚብና ኩልና ኢትዮጵያውያን ጭውነት ብዝተመልኦ መንፈስ ተሓጋጊዝናን ተደጋጊፍናን ብሰላምን ፍቕርን ክነሕልፎ ይግባእ ክብሉ መምህር ብርሃነህይወት ኣታሓሳሲቦም፡፡



መምህር ብርሃነህይወት ግርማይ






ገፅ 4

ቅነ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ

ገፅ 5

‹‹ኢትዮጵያ ምስ ሱማሊላንድ ዝተፈራረመቶ ስምምዕ ምጥቃም በሪ ባሕሪ ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝሕግዝ ‘ዩ‹‹

- ኣይተ ያሲን ኣሕመድ ባዕጋይ

# ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ ብብርኪ ሃገር ንመበል 18 ኣብ ከተማ መቐለ ተኸቢሩ

- ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ኣብ ዘፈር ጥዕና ዝረኣዩ ዘለዉ ለውጥታት ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ፃውዒት ቐሪቡ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- "ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ" ብብርኪ ሃገር ንመበል 18 ግዜ ብቅድሚ ትማሊ ኣብ ከተማ መቐለ ከምዝተኸበረ ተገሊፁ። ከምኡ 'ውን ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ኣብ ዘፈር ጥዕና ዝረኣዩ ዘለዉ ኣውንታዊ ለውጥታት ንሚንስተር ጥዕና ፌዴሪኢን ካልኦት ሓገዝቲ ኣካላትን ብምምስጋን እቶም ሓገዛት ተጠናኺሮም ክቕፅል ፃውዒት ቐሪቡ።

ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ "ፍትሓዊ ተበፃሕነትን ፅሬቱ ዝሓለወ ክትትል ቅድመ ወሊድን ብእዋኑ ብምጅማር ጥዕና ኣዶታት ነረጋግፅ" ብዝብል ቴማ ናይ ፌደራልን ክልልን ሓለፍቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ብብርኪ ሃገር ኣብ ከተማ መቐለ ከምዝተኸበረ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣብ ዕላዊ ገፁ ገሊፁ።

ሚንስትር ሚንስትሪ ጥዕና ኢትዮጵያ ዶ/ር ሊያ ታደሰ ሓዊሱ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ሓላፊ ሴክሬታሪያት ስግግር ዘፈር ማሕበራዊ ፕሮፌሶር ክንደያ ገ/ህይወት፣ ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይለን ካልኦት ዓለም ለኸን ሓገዝቲ ኣካላትን ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም መልእኽቲ ከምዘሕለፉ ተሓቢሩ።

ዶ/ር ሊያ ታደሰ ኣብቲ መድረኽ ከምዝገለፀኦ፤ "ጥዕይቲ ኣዶ ምህላው ማለት ጥዑይ ስድራ፣ ማህበረሰብን ዜጋን ምህላው ምዃኑ ተገንዚብና ጥዕና ኣዶታት ንምምሕያሽ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ተዋዲድና ክንሰርሕ ይግባእ "ኢለን።

ብተወሳኺ ብሰንኪ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣዊ ፀገማትን ግልጋሎት ጥዕና ኣዶታት ትግራይ ንድሕሪት ምምላሱ ዝሓበራ ዶ/ር ሊያ ናብ ንቡር ንምምላስ ጥዕና ሚኒስቴር ምስ ቢሮ ጥዕና ትግራይን ካልኦት ሓገዝቲ ኣካላትን ተዋዲዱ ከም ዝሰርስ ገሊፀን።

ፕ/ር ክንደያ ገ/ህይወት ብወገኖም ሚኒስትር ጥዕና ፌደራል መዓልቲ ጥዕይቲ ኣዶ ኣብ ምምሕያሽ ጥዕና ኣዶታት ግንዛበ ንምዕባይ ዓሊሙ ኣብ ከተማ መቐለ ምኽባሩ ኣመስጊኖም።

ብምቕፃል ቅድሚ ኹናት፣ ትግራይ ኣብ ዘፈር ጥዕና ዕውታት ስራሕቲ ብምስላጥ ንሃገር መርኣያን ማእኸል ተሞክሮን ምንባራ ብምሕባር ድሕሪ እቲ መዕነዊ ኹናት ግና ስርዓት ጥዕና ትግራይ ንድሕሪት ከምዝተመለሰ ብምግላፅ፤ ዝዓነወ ስርዓት ጥዕና ናብ ንቡር ቦታኡ ንምምላስ ጥዕና ሚኒስቴር ምስ ዓለምለኸን ካልኦት ሓገዝቲ ኣካላትን ብምትሕብባር ዝጀመሮም ፅቡቓት ስራሕቲ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ፕሮፌሶር ክንደያ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይለ ብወገኖም፤ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ብሰንኪ ኹናት ምዕናዉ ሕብረተሰብና ብሓፈሻ ኣዶታት ትግራይ ድማ ብፍላይ ኣብ ከቢድ ጥዕናዊ ፀገም ምህላወን ዝሓበሩ ኮይኖም ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ንዝረኣዩ ለውጥታት ንሚንስተር ጥዕና ፌደራልን ሓገዝቲ ኣካላትን ብምምስጋን ተጠናኺሩ ክቕፅል ተላብዮም ።

ኣብቲ መድረኽ ዝተረኽባ ዳይሬክተር ኣዶታት፣ ህፃናትን መናእሰይን ሚኒስቴር ጥዕና ኢትዮጵያ ዶ/ር መሰረት ዘለኣለም ጥዕና ኣዶታትትን ህፃናትን ንምምሕያሽ ዝተሳለጡ ቐንዲ ቐንዲ ስራሕቲ ዘቕረባ እንትኾና 12 ሚልዮን ብር ዝወድኡ ንኣዶታት ትግራይ ዝብርከቱ ዝተፈላለዩ ህያባት ብኢድ ሚኒስትር ዶ/ር ሊያ ንፕ/ር ክንደያ ኣረኪበን።

ተወከልቲ ዞባታት፣ ወረዳታት፣ ትካላት ጥዕናን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብቲ መድረኽ ዝተረኽቡ ኮይኖም ተሳተፍቲ ኣብ ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደር ዑደት ገይሮም።





ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ

# ኣብ ልዕሊ 50ሽሕ ሄክታር መሬት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንምክያድ ምድላዋት ይግበር ኣሎ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ናይ ሎሚ ልምዓት መፋሰስቲ ሓጋይ ኣብ ልዕሊ 50ሽሕ ሄክታር መሬት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንምክያድ ምድላዋት ይግበር ከምዘሎ ቢሮ ሕርሻ እቲ ክልል ኣፍሊጡ።

ኣብ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን እቲ ቢሮ ምክትል ሓላፊ ዝኾኑ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈ ንግዜኢ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብቲ ክልል ንሰለስተ ዓመታት ተቋሪፁ ዝፀንሐ ዕቀባ ሓማድን ማይን ሎሚ ብዝሐሸ ኩነታት ንምትግባር ምድላዋ ይግበር ኣሎ።

ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ሰረት ዘላቒ ልምዓት ስለዝኾውን ብፍሉይ ትኹረት ከምዝስራሕ ተዛሪቦም።

እቲ ኸልል ብዝተዋደደ መልክዕ ኣብ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዕዙዝ ልምዲ ከምዘለዎ ብምሕባር፤ ኣብ ዓለምለኸ መድረኻት ከይተረፈ ኣፍልጦን ሽልማትን ከምዝተበርከተሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብቲ ኸልል ዝጋጥም ዘሎ ሓደጋ ድርቂ ብዘላቅነት ንምምካት ዝክኣል ተዋዲዶም ብዝካየዱ ስራሕቲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብሙኳኑ ኣብቲ ዘፈር ልዑል ትኹረት ምግባሩ ኣመኺቶም።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ልምዓት መፋሰሳት ኣብ ልዕሊ 50 ሽሕ ሄክታር መሬት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከምዝትግበር ብምግላፅ፤ ነዚ ድማ ኣብቲ ኸልል ካብ ዘሎ ህዝቢ 24 ሚእታዊ ዝኸውን ኣብቲ ስራሕ ከምዝሳተፍ ኣይተ ኣለምብርሃን ተዛሪቦም።

ነቲ ስራሕ ንምውጋን ዘድልዩ መሳርሕታት ናይ ምእካብ ተግባር ብፅርየትን ቅልጣፈን ንኽከናወን ዝሕግዙ ምድላዋት እናተገበሩ ምዃኖም ሓቢሮም።

ኣብዚ ምስ መንግስቲ ፌዴራልን ዝተፈላለዩ ተሓባበርቲ ትካላትን ብሓባር ርክብ ብምፍጣር ብምትሕብባር እናተሰርሐ ምዃኑ ገሊፆም።

# ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ዝተፈሳስዩ ስራሕቲ እናተሰርሑ 'ዮም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ካብ ምፅጋን ቕርስታት ጀሚሩ ኣብ መባፅሒ በፃሕቲ ዓዲታት ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናተሰርሑ 'ዮም፡፡ ኣብዚ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ 5 ሚልዮን ብር ሓገዝ ምግባሩ ተገሊፁ፡፡

ኣብ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ሓለዋ ልምዓትን ቅርስን መራሒ ስራሕ ፈፃሚት ኣይተ ሃብታሙ ኣበበው ከምዝበልዎ፤ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ ቕርስታትን ናይ ቱሪስት ቦታታትን ናይ ዳህሰሳ ፅንዓት ተገይሩ፡፡

ቱሪዝም ንምንቕቓሕ እቲ በዓል መዚ ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ባህልን ቱሪዝምን ቢሮ ብምትሕብባር ሓላፍነቱ እናተዋፀአ ከምዝርከብ ተዛሪቦም፡፡

እቲ በዓል መዚ ናይቲ ክልል ምንቕስቓስ ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ዝገብሮ ሓገዝ ኣጣናኺሩ ከምዝቕፅል ኣረጋጊፆም፡፡

ምንቕቓሕ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ብናይ መንግስቲ ባጀት ጥራሕ ዝፍታሕ ብዘይምዃኑ ብምግላፅ፤ ኩሉ ኣብ ልምዓትን ሓለዋን ቅርሲ ዝሰርሑ መዳርግቲ ኣካላት ሓገዝ ክገብሩ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም፡፡

ብተወሳኺ ኩሉ ሕብረተሰብ ቅርስታት ብምንክብኻብን ብምልማዕን ሓላፍነቱ ክዋፃእ ኣይተ ሃብታሙ ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ናይ ምርግጋፅ ብቕዓትን ሬጉላቶሪን ዳይሪክተር ኣይተ የማነ ገድሉ ንግ.ዜ.ኢ. ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ክልል ትግራይ ብተፈላለዩ ምኽንያታት ናይ ቱሪስትታት ምንቕስቓስ ተዛሓሒሉ ፀኒሑ 'ዩ፡፡

ናይ ቱሪዝም ምንቕስቓስ ከም ብሓዱሽ ንምንቕቓሕን እቲ ዘፈር ኣታዊ ከፈልፍል ተሓሲቡ ግዝያዊ ምምሕዳር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ፌዴራል ብምትሕብባር እናሰርሐ ምዃኑ ኣመላኺቶም፡፡

ተዛሓሒሉ ዝፀንሐ ምንቕስቓስ ቱሪዝም ናይ ምጅማር መርሃ ግብር ቕድሚ ሓደ ሰሙን ብዕሊ ከምዝተሳለጠ ኣዘኻኺሮም፡፡

ዝተጀመረ ምንቕስቓስ ብዝበለፀ ንምንቕቓሕ መንግስቲ፣ መንብነይቲ ትካላትን ፍሉጣት ውልቀ ሰባንትን ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ሓቲቶም፡፡

ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሚኒስቴር ቱሪዝም ምስ በዓል መዚ ቅርሲ ብምትሕብባር ኣብ ኣክሱም፣ ዓድዋ፣ ዓዲግራት፣ ተምቤን፣ ገረዓልታ፣ ውቅሮን ከባቢታ ኣልነጃሽን ዝርከቡን ፅገና ዘድልዮም 21 ቕርስታትን ናይ ቱሪስት ቦታታትን ብቅልጡፍ ናይ ፅገናን ምልማዕን ስራሕ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣይተ የማነ ገሊፆም፡፡

ትካላት ፌዴራል ንናይቲ ክልል ግዝያዊ ምምሕዳር ዓቕሚ ክኢላታት ባህልን ቱሪዝምን ንምጥንኻር ዝጀመርዎ ስልጠናን ሞያዊ ሓገዝን ኣጣናኺሮም ክቕፅሉ 'ውን ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## በዓል ጥምቀት እንትነኽብር ፀጋታት እቲ በዓል ብምርዳእ ክኸውን ይግባእ

በዓል ጥምቐት በቢ ዓመቱ ብሰዓብቲ እምነት ሃይማኖት ክርስትና ካብ ዝኽበሩ በዓላት እቲ ሓደ ‘ዩ። በዓል ጥምቀት ·11 ጥሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ብዝደመቐ ኩነታት ይኽበር።

እዚ በዓል እዚ ብፍላይ ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኢትዮጵያ በቢዓመቱ ኣብ ኣዳባባይ ካብ እተኽብሮም ዓበይቲ በዓላት ሓደ ምኳኑ ዝፍለጥ ‘ዩ። እዚ በዓል እዚ ቕድሚ 1 ሽሕን 500 ዓመታት ጀሚሩ ኣብ ኣዳባባይ ክኽበር ዝፀንሐ በዓል ‘ዩ።

ጥምቀት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጃንሜዳ ሓዊሱ ኣብተፈላላዩ ከባቢታት ሃገርና ካብ ዋዜማ ወይ ‹‹ከተራ›› ጀሚሩ ይኽበር። ‹‹ከተራ›› ካብ ግእዝ ቋንቋ ዝተወሰደ ቃል ኮይኑ ትርጉሙ ድማ ምዕጋት ማይ ማለት ‘ዩ። ካብ ዋዜማ ወይ ድሮ ጥምቀት ጀሚሩ ዝኽበር ኣከባብራ በዓል ጥምቐት፣ ካብ ኣብያተ ክርስትያናት ኦርቶዶክስ ኢትዮጵያ ‹‹ታቦታት›› ወፂኦም እቲ በዓል ናብ ዝኽበርሉ ቦታ ብህዝቢ ተዓጂቦም ይጎዓዙ። 11ጥሪ ድማ እቶም ታቦታት ኣብዝዓረፍሉ ቦታ እቲ በዓል ብዝደመቐ ስነ-ስርዓት ይካየድ።

በዓል ጥምቀት ፀጋታቱ ካብ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኢትዮጵያ ሓሊፉ ፅቡቕ ምስሊ ኢትዮጵያ ዘንፀባርቕ ‘ውን ‘ዩ። ካብ ሃይማኖታውን ባህላውን ረብሓ ሓሊፉ ብመልክዕ ቱሪዝም ‘ውን ዓብዪ ረብሓ ዘለዎ በዓል ‘ዩ።

ኢትዮጵያ ብባህላውን ተፈጥሮኣውን በዓላት ዝተዓደለት ካብ ምኳና ሓሊፉ ብፍላይ ድማ ከም በዓል ጥምቀት ዝበሉ በዓላት ኣብ ኣዳባባይ ዝኽበሩ ከም ምኳኖም መጠን ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ እንተይቕረዩ ዝምልከትዎ በዓል ‘ዩ።

ከምእንዚኦም ዝበሉ ህዝባዊ በዓላት፣ ቱሪዝም ንምዕባይ ዘለዎም ግደ ልዑል ‘ዩ። እዚኦም ብኣግባቡ ክንጥቀመሎም ይግባእ። በዓላት ኣዳባባይ ይኹኑ ካልኦት ኣብ ቱሪዝም ዘለዎም ግደ ብኣግባቡ እንተተጠቐምናሎም ቐንዲ ፍልፍል እቶት ክኾኑ ይኽእሉ ‘ዮም።

እዚ በዓል ዓብዪ በዓል ብምኳኑ ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለም ብምምፃእ ባህሊ፣ ስነ ስርዓትን ኣከባብራ እቲ በዓል ክዕዘቡን ትምህርቲ ክወስዱን ንርኢ ኢና። እዚ ካብ ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕትኡ ሓሊፉ ቱሪስት ኣብ ምስሓብ ዘለዎ ግደ ልዑል ምኳኑ ‘ዩ ዘሪአካ።

ከም ዝፍለጥ ኢትዮጵያ ብዙሓትን ዝተፈላለዩን መንነትን ካብ ዘለዎን ሃገራት ሓንቲ ‘ያ። ዝተፈላለዩ መንነት ዝሓዘት ከም ምኳና መጠን ድማ ብዙሓትን ዝተፈላለዩን ባህሊ፣ መንነት፣ ሃይማኖትን ቋንቋን ሓቑፉ ትርከብ። ኩሎም እዚኦም ድማ ናይ ሓባር ሃፍቲ ‘ዮም።

በዓል ጥምቀት ብቀንዱ ናይ ተኸተልቲ እምነት ክርስትና መንፈሳዊ በዓል ዋላ ይኹን ብመዳይ ቱሪዝም ይኹን ብኻሊእ እንተሪእና ግና ንሃገር ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ በዓል ‘ዩ።

ካብ መንፈሳዊ ረብሕኡ ሓሊፉ ፍልፍል ቱሪዝም፣ መግለፂ ሓድነት፣ ምትሕግጋዝ፣ ፍቕሪን ሰላምን ‘ውን ‘ዩ። መግለፂ ሓድነትን መንነትን ኢትዮጵያውያን በዓል ጥራሕ እንተይኮነስ ባህልናን መንነትናን እነንፀባርቀሉ ‘ውን ‘ዩ። ከምእቶም ካልኦት በዓላት ኢትዮጵያ መግለፂ ሓድነትን ፍቕርን ህዝቢታት ኢትዮጵያውያን ‘ዩ።

ስለዚ ንሕና ኢትዮጵያውያን በዓል ጥምቐት እንትነኽብር ናይ ኩልና በዓል ምኳኑ ተረዲእና ሰላምና ብምሕላው ክኸውን ይግባእ። ኩሉ ነቲ በዓል ዘኽብር ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ክኣቱ ኩልና ዓብዪ ሓላፍነት ኣለና። ምኽንያቱ እዚ በዓል እዚ ናይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ በዓል ‘ዩ። ኩልና ንሰላም ተቖርቖርትን ሓገዝትን ክንኸውን ኣለና። ስርዓቱ ሓልዩ ብሰላም ክሓልፍ ኩልና እጃምና ክንዋፃእ ይግበአና። ከምዚ እንትኸውን እንተሎ እቲ በዓል ሃይማኖታዊ ትሕዝትኡ ዝተላበሰ ይኸውን።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ምክልኻል ገበናት ቖላሕታ ክወሃቦም ይግባእ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣብ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ድምፂ ጥይት እኳ ጠጠው እንተበለ ሌብነትን ዘረፋን ግና ተጣናኺሩ እናቐፀለ ይርከብ። ሓሓሊፉ ብሓይሊ ገንዘብ ንምዝራፍ ክበሃል ክሳብ ምጥፋእ ህይወት ሰብ እናጋጠመ ይርከብ። ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ህዝቡ ካብዝኾነ ይኹን ሓደጋ ናይ ምሕላው ሕገ መንግስታዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ኮይኑ ግና ኣብ ተፈላለዩ ከተማታትን ገፀራትን ገበናት እናወሰኹ ይኸዱ ኣለዉ። ብዝግባእ ገበናት ምቑፅፃር ኣይተኽኣለን። ህዝቢ መንግስቲ ኣሚኑ ከምድሌቱ ተንቐሳቒሱ ክሰርሕ ኣይከኣለን። ሰላምን ድሕንነትን፣ ንብረት ህዝብ መንግስትን ካልኦት መሰረታዊ ልምዓታትን ካብ ዝኾነ ዓይነት ጥቕዓትን ጉሕለትን ኣይደሓኑን። መንግስቲ ናይ ምሕላው ግዴታ ዋላ እንተሃለዎ ኮይኑ ግና ቖላሕታ ሂብካ ኣብ ምስራሕ ጉድለታት ኣለዉ። ቕድሚ ኩሉ ሰላምን ፀጥታን ከረጋገፅ ክኽእል ኣለዎ።

ብዙሓት ኣካላት ካብ ሕገን ስርዓት ወፃኢ ናይ ህዝቢ ንብረት ብምስራቕ ብኣቋራፂ ክህፍትሙ ዝፍትኑ ኣካላት፣ መንግስቲ ኣደብ ከትሕዞም ይግባእ። ብዙሕ ሰብ ኣደዳ ሰረቕቲ ይኾን ኣሎ። ህይወቱ ‘ውን ይስእን ኣሎ። እዚ ድማ እምበር ከ መንግስቲ ኣሎ ድዩ ዘብል ኮይኑ ኣሎ። እዚ ጠንቒ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ጥራሕ እንተይኮነስ ጠቕላላ ልምዓትን ዕቤትን እቲ ክልል ዘዳኽም ‘ውን ‘ዩ። ኢ-ሕጋዊ ተግባራት ንናይ ብዙሓት ሰባት ምጥፋእ ኣካላት ወይ ህይወት ይኸውን ኣሎ። እዚ ዕንቕፋት ዕቤት መሰረተ ልምዓት ስለ ዝኾነ ሕጊ ብዝግባእ ክኽበር ኣለዎ። መንግስቲ ሕጊ ናይ ምኽባር ሓላፍነቱ ክዋፃእ እንተዘይክኢሉ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ከቢድ ‘ዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኩነታት ፀጥታ ክልል ትግራይ ብዝተወሰነ መልክዑ እናተማሓየሸ እኳ እንተኾነ ገና መሊኡ ኣይተቀርፈን። ከምዚ ከንብል ከለና ገና ብዙሓት ስግኣታት ይረኣዩ ኣለዉ ‘ዮም። ጉሕለት ተጣነኺሩ እናቐፀለ ‘ዩ ዝርከብ። ህዝቢ ትግራይ እቲ ዝነበረ ኩናት ከይኣኽሎ ብናይ ከተማ ለያቡን ሸፋቱን ገንዘቡ እናተመንጠለ ኢሉ ‘ውን ዝተፈላለየ ጉድኣት እናበፅሖ ይርከብ። እቶም ለያቡ ገንዘብ ንምውሳድ ክብሉ ብኻራን ካልኦት በላሕቲ ነገራትን ብምውጋእ ህይወት ሰብ ክሳብ ናይ ምሕላፍ ገበናት እናፈፀሙ ይርከቡ። ብፍላይ ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ኣዝዩ ዓይኑ ዘፍጠጠ ሌብነት ነጊሱ ይርከብ። ኣብተን ከተማታት ብጉጅለ ተወዲቦም ይኹኑ ብተናፀል እናዘረፉ ዝርከቡ ሓይልታት ኣዝዮም ስግኣት ህዝቢ እተን ከተማታት እናኾኑ ይርከቡ። እዚ ኣብ ኣስጋኢ ደረጃ ምብፅሑ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኮይኑ ኣሎ።

መንግስቲ ኣብ ኩነታት ፀጥታ ቖላሕታ ገይሩ እንተዘይሰሪሑ ከይዱ ከይዱ ነቲ ክልል ብኹሉ መዳይ ንደሓር ክመልሶ ይኽእል ‘ዩ። ብፍላይ ኣብተን ተደጋጋሚ ጉሕለት ዘጋጥመን ዘሎ ከተማታት ከም እኒ መቐለ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱምን ሽረን ዓብዪ ቖላሕታ ክግበረለን ይግባእ። መንግስቲ ነዚ ጥበብ ብዝተመልአ ናይ ፀጥታ ምንቅስቓስ ብምክያድ ነቶም ፀገማት ካብ ሱሮም ሚሒዉ ክድርብዮም ይግባእ። ኣብ ክንዲ ሰሪሖም ንምቕያር ምሙኳር ፀልማት እናተጠቐሙ ኢኮኖሚያዊ ድሌታቶም ብሓይሊ ንምስኻዕ ኣብ ዝንቀሳቐሱ ለያቡ መንግስቲ ብዘይ ምሕረት ስጉምቲ ክወስደሎም ‘ዩ ዝግባእ።

ካብዚ ሓሊፉ ቅድሚ ሕዚ ዘይነበረ ገበን ‘ውን ይረአ ኣሎ። መንገዲ ዓፂኻ መኪና ጠጠው ኣቢልካ ምዝራፍ ተጀሚሩ ኣሎ፤ ከምኡ ‘ውን ምዕጋት ዝበሃል ተጀሚሩ ኣሎ። መንግስቲ ኣብ ዘለዋ ክልል ከምዚ ዓይነት ገበናት ክፍፀሙ ኣዝዩ ‘ዩ ዘሕዝን። እዚ ተግባር እዚ ህዝቢ ብናፃናት ተንቀሳቒሱ ሰሪሑ ከይኣቱ ዝገብር ‘ዩ። እዚኦምን ካልኦትን ገበናት ብጋንኡ ክፍትሑ እንተዘይክኢሎም ከይዶም ከይዶም ነቲ ክልል ብኹሉ መዳይ ዝጎድእዎ ‘ዮም ዝኾኑ። ቅድሚ ኹናት ኣብ ክልል ትግራይ ዝገነነ ገበናት ኣይነበራን። ኮይኑ ግና ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሰላምን ፀጥታን ቖላሕታ ገይርካ ብዘይምስርሑ እቶም ገበናት እናወሰኹ ይኸዱ ኣለዉ። ኣብ ከተማታት ይኹን ኣብ ሓደ ሓደ ገፀራት ፀጥታ ኣይተጠናኸረን ዘሎ።

መንግስቲ ገፀራት ሓዊሱ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ሰላምን ፀጥታን ንምሕላውን መሰል ገበናት ንምክልኻል ጠንካራ ቑፅፅር ክገብር ኣለዎ። ኣብ እዋን ፀልማት ይኹኑ ቀትሪ ዝፍፀሙ ገበናት እናተባራኸቱ ይኸዱ ስለ ዘለዉ ጥብቕ ዝበለ ቑፅፅር እንተዘይተገይሩ ናብ ዝበኣሰ ክኸይድ ይኽእል ‘ዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኣብተፈላለዩ እዋናት ናይ ሌብነት ገበናት እንትፍፀሙ ብበዝሒ ይስትውዐሉ ‘ዮም። ናይ ፀጥታ ኣካላት እቲ ክልል ነዞም ፈፀምቲ ገበናት ብምቑፅፃር ናብ ፍርዲ ምስ ምቕራብ ጎኒ ንጎኒ ቅድሚ ገበን ምፍፃሞም ንምክልኻል ክሰርሕ ኣለዎ። ገበናት ንምፍፃም እንተይኮነስ ጠቕሊሉ ንኽጠፍእ ምስራሕ የድሊ።

ምስቲ ዝነበረ ኹናት ተተሓሒዙ ናይ ፀጥታ ማሕውራት ፈሪሶም ብምፅንሖም ዝፍፀሙ ገበናት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተባራኸቱ ይኸዱ ከምዘለዉ ዝፍለጥ ‘ዩ። ብፍላይ ምስቲ ዝነበረ ኩናት ተተሓሒዙ መሳርሒ ኹናት ዝሓዘ ኣካል ኣይፍለጥን። ፎቖድኡ ተነዚሑ ‘ዩ። ብምኳኑ ከምዚኦም ዓይነታት ገበናት ንምክልኻልን ዘጥፈአ ግቡእ ስጉምቲ ንምውሳድን ጠንካራ ትልሚ ወፂእዎ ናብ ተግባር ክኣቱ ኣለዎ።

ምክልኻል ገበን ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ‘ውን ‘ዩ። ገበናት ሕብረተሰብ ገበናት እንተጋጥምዎ ክገብሮ ዝግባእ ልዑል ግንዛበ ናይ ምሃብ ስራሕ ተጣናኺሩ ክቕፀል ኣለዎ። ምስ ፀጥታ ተተሓሒዙ ቅድሚ ገበን ምፍፃሙ ዘጣራጥሩ ኩነታት እንትህልዉ ሕብረተሰብ ነቲ ናይቲ ከባቢ ፖሊስ ኮሚኒቲ ግልጋሎት ሓበሬታ ዝህበሉ ምትእስሳር ክፍጠር ኣለዎ። ሕብረተሰብ ተወዲቡ ከባቢኡ ክከላኸል ‘ውን ኣለዎ። ንኹሉ መንግስቲ ክፈትሖ ኣይኽእልን። ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ሰላምን ፀጥታን ነጊሱ ሕብረተሰብ ከምድሌቱ ተንቐሳቒሱ ክሰርሕ ህዝብን ናይ ፀጥታ ኣካላትን ኣዝዮም ተናቢቦም ክሰርሑ ይግባእ። ምኽንያቱ ፖሊስ ጥራሕ ሰላምን ፀጥታን ሓንቲ ዓዲ ከረጋግፅ ኣይኽእልን።

ምክልኻል ገበን ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ‘ውን ‘ዩ

# እዋናዊ ዛዕባ

## ቅነ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**






ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብተን ጥንታዊ ታሪኽ ዲፕሎማሲ ዘለወን ሃገራት ‘ያ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ብሃይማኖት፣ ባህልን ንግዳዊ ንጥፈታትን ምስ ብዙሓት ሃገራት ድልዱል ዝምድና መሰረት ዘለዋ ኮይና ኣብ ዓውዲ ዲፕሎማሲ ጠቓሚ ተመክሮ ከተማዕብል ካብ ምኽኣላ ሓሊፉ ካብ ንግስተ ሳባ ዘመን ጀሚራ ክሳብ ዘመናዊ ዲጂታል ዲፕሎማሲ ዓሚቕ ታሪኽን ተሞክሮን ዘለዋ ሃገር ‘ያ፡፡ በቢዘመኑ ዝነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ እታ ሃገር ምስ ሃገራት ዓለም ዝሓሸ ዝምድና ክህልዋ ኢሉ ‘ውን ፅዕንቶ ፈጣሪት ሃገር ክትከውን ብዙሓት ርክባት ክምስርቱ ፀኒሖም ‘ዮም። ኣብ ዘመነ ዲፕሎማሲ ኣክሱም ብፍላይ ኣብ ዘመነ ንጉስ ኢዛና ኣብ ንግዲን ሃይማኖትን ዝተመስረተ ዝምድናታት ተጣይሹ ‘ዩ። ናብ መእኸላይ ዘመን እንትንመፅእ እንተለና ናይ ዲፕሎማሲ ዋና ኣንፈት ልኣላውነት ሃገርን ሓድነትን ምፅናዕ ‘ዩ ነይሩ፡፡ ኢትዮጵያ ካብ ደገን ውሽጥን ዝመፅዋ ፀላእቲ ብምግፋጥ ሓድነታ ሓልያ ምኻድ ቑልፊ ዲፕሎማስያዊ ኣንፈት ነይሩ፡፡ በዚ ምኽንያት በቢዘመኑ ዘጋጥምዋ ፈተናታት እናሓለፈት ሕዚ ኣብዘለትሉ ብርኪ በፂሓ ኣላ፡፡ ን116 ዓመታት ዝፀንሐ ዘመናዊ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣድማሳቱ እናሰፍሐ ቀፂሉ ‘ዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ንዘባዊ ዝምድናታት ቀዳማይ ትኹረት ብምሃብ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ጥቡቕ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ክህልዋ ተገይሩ ‘ዩ፡፡ ብዛዕባ ታሪኽ ዲፕሎማሲ ሃገርና ንመእተዊ ዝኣክል ብሓፂሩ ከምዚ ካብበልና ሕዚ ድማ ብምኽንያት ቅነ ዲፕሎማሲ «ዲፕሎማሲና ንብሄራዊ ረብሓና» ብዝብል መሪሕ ቃል ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ዝተዳለወ ዓውደ ርእይ ዝቀረቡ ናይ ሙሁራት ሓሳባት ብሓፂሩ ነዚዝስዕብ ይመስል፡፡

ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ምስ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ብዛዕባ ዲፕሎማሲ ዘዳለዎ ኣውደ ርእይ ዝዝክር ‘ዩ፡፡ ታሪኽ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሕዚ ዘርእዩ ታሪኻት ቐሪቦም ‘ዮም፡፡ ከምኡ ‘ውን ኣብዚ ሰሙን ኢትዮጵያ ኣብ ምስረታ ዓለምለኸ ትካላት ዝገበረቶ ግደ ዘርኢ ‘ዩ፡፡ ኣብዚ ብዕሊ ዝተኸፈተ ቕነ ዲፕሎማሲ ኣውደ ርእይ ፓናል ዝተኻየደ እንትኸውን ከምኡ ‘ውን ጉዕዞ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ዝድህስስ መፅሓፍ ተመሪቑ ‘ዩ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተሰርሑ ዓበይቲ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ብቪድዮ፣ ብፎቶን ብፅሑፍን ንምርኢት ቀሪቦም ‘ዮም፡፡

ኣብቲ መርሃ ግብሪ ዝተረኽባ ፕሬዚዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ «ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ምስ ዘመን ንክጎዓዝ ኩሉ ግድኡ ክዋፃእ ይግባእ» ክብላ ምልእክቲ ኣማሓላሊፈን እየን። ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ኢትዮጵያ ኣብቶም ዓማውቲ ብሄራዊ ረብሓን ሃገራዊ ክብርን እዛ ሃገር ዝሕሉ ስራሕ ከምዝሰርሐ ተዛሪበን። እቲ ዓውደ ርእይ ሓቅታት ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ዘርእይ ጥራሕ ዘይኮነስ ጉዕዞ ዲፕሎማሲ መፃኢ ትውልዲ ዝድህሰሰሉ ‘ዩ። ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ምስ እዋኑ ንክጎዓዝ ኩሉ ግድኡ ክዋፃእ ይግባእ ክብላ እተን ፕሬዚዳንት መልእክተን ኣማሓላሊፈን ‘የን።

ኣብዚ ፓናል ምይይጥ ‘ውን ተኻይዱ ‘ዩ። ኣብ መኽፈቲ እቲ ፓናል ምይይጥ ዜና መዋእል ታርኽ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያን ዘመናዊት ኢትዮጵያ ርክብ ወፃኢን ዲፕሎማሲ ዝጠመተ ክልተ መፅሓፍቲ ተመሪቖም ‘ዮም። ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮንን ኣብቲ ዘተ ተረኺቦም ከምዝበልዎ፣ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም መድረኽ ብመዳይ ዲፕሎማሲ ንቑሕ ተሳትፎ ከምዘለዋ ዘርኣየ ‘ዩ። ጉዕዞ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ እታ ሃገር ዝመርሑ ኩሎም መንግስታት ብምቅብባል ዝቐፀለ ምኳኑ ብምሕባር፤ እቲ ዝተዳለወ ፓናል ምይይጥ ዝሓለፈ ጉዕዞን ንመፃኢ እንታይ ትፅቢት ይግበር ዝብል ንምምልካት ዓብይ እታወት ዝርከበሉ ከምዝኾነ ‘ዮም ዝሓበሩ።

ኣብቲ መድረኽ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማትን ዝተሳተፉ እንትኾኑ፤ ነባራት ዲፕሎማትን ኣምባሳደራትን መዛተይ ፅሑፍ ኣቕሪቦም ‘ዮም። ኣብቲ መርሃ ግብሪ ፕሮፌሰር ባህሩ ዘውዴ፣ ዶክተር ኣብደታ ድሪብሳ፣ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ፣ ኣምባሳደር ቆንጅት ስነጊዮርጊስን ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴ መዛተይ ፅሑፍ ኣቕሪቦም ‘ዮም።

ኣምባሳደር ሬድዋን ሑሴን ሚኒስትር ኣማኻሪ ብሄራዊ ድሕንነት ጠቕላይ ሚኒስትር ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም ከምዝበልዎ፤ ኢትዮጵያ ኣማራፂ በሪ ባሕሪ ንምርካብ

**ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም መድረኽ ብመዳይ ዲፕሎማሲ ንቑሕ ተሳትፎ ከምዘለዋ ዘርኣየ ‘ዩ**

እናገበረቶ ዛላ ምንቅስቓስ ናይ ሓባር ተረባሕነት ንምዕባይ ካብ ዘለዋ ድልየት ኣንፃር ከምዝኾነ ኣብ ጉዳይ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ዝተቐመጠ ‘ዩ፡፡ ድልየት መንግስቲ ብጉልበት እንተይኾነስ ብሰላማዊ መንገዲ ብሂብካ ምቕባለ መርህ ዝተመስረተ ከመዝኾነ ኣብ ቀረባ ዝተገበረ ስምምዕነት መርኣያ ከምዝኾነ ገሊፆም ‘ዮም፡፡ ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ ዕድላ ብክፋል ሰሜን ጥራሕ እንተይኾነስ ብዙሪኣ ካብ ዘለዉ ኹሉ ናይ ምጥቃም ዓቕሚ ከምዘለዋ ዘርእይ ‘ዩ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኢትዮጵያ ፍትሓዊ ዝኾነ መንገዲ በሪ ባሕሪ ክትረክብ ኣለዋ ዝብል ኣወንታዊ ኣጀንዳ ኾይኑ ብዙሓት እናደገፍዎ ‘ዮም፡፡ ድልየት ኢትዮጵያ ንባዕላ ውሕስና ንሓባር ጥቕምን ተተሓሒዝና ንዕበይ ዝብል ኣወንታዊ ምልከታ እናተንፀባረቐ ‘ዩ ክብሉ ኣምባሳደር ሬድዋን ኣብሪሆም ‘ዮም፡፡

ብተማሳሳሊ ኣብዚ ዓውደ ምርኢት ወሃቢ ቃል ሚንስትር ጉዳያት ወፃኢ ኣምባሳደር መለስ ኣለም (ዶ/ር) እቲ ዓውደ ምርኢት ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፤ ብሄራዊ ረብሓ ኢትዮጵያ ንክኽበር ተሳትፎ ኩሉ ሕብረተሰብ ክጠናኸር ይግባእ፡፡ ኣምባሳደር መለስ (ዶ/ር)፤ «ዲፕሎማሲና ካብ መዲና ኣፍሪካ ክሳብ ዓለም ለኸ መድረኽ» ብዝብል ስያመ ኣብ ዝተካየድ ዓውደ-ምርኢት ኢትዮጵያውያን ጥራሕ ዘይኮነት ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ኤምባሲታት ዝተፈላለያ ሃገራት፤ ዓለም ለኸ ትካላት ከምኡ ‘ውን መንግስታዊን መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላትን ምስታፎም ብምግላፅ፤ ግዚኡ ዝጠልቦ ኣካይዳ ዲፕሎማሲ ብዲጂታል ዓውዲ እናተሓገዘ ብምኻኑ፤ ኢትዮጵያ ‘ውን ንባዕላ እናዘመነት ከምትጓዓዝን ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣምባሳደር ሃገሩ ንኽኸውን ኣብቲ ሰሙን ዲፕሎማሲ ቃል ዝኣትወሉ ከምዝኸውን ‘ውን ገሊፆም ‘ዮም። ኣብ ሳይንስ ሙዚየም ዝተኻየደ ዓውደ-ምርኢት ኣዲስ ኣበባ ማእኸል ዲፕሎማሲ ምኳና ኣብ ምፅናዕ ዓቕሚ ዝፈጥር ከምዝኾነ ተዛሪቦም ‘ዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ለውጢ ስዒቡ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንመዳርግቲ ዲፕሎማሲ ተስፋ ዝሃበ ‘ዩ ዝበሉ ድማ ኣምባሳደር ተሾመ ቶጋ ‘ዮም፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ 2010ዓ.ም ብዝተፈጠረ ሪፎርም ዝተፈላለዩ ናይ ሕግን ርክብ ወፃእን ምምሕያሽ ተገይሮም ‘ዮም፡፡ በዚ ‘ውን ብዙሓት ዓወታት ዲፕሎማሲ ተመዝጊቦም ‘ዮም ይብሉ፡፡ ብዘተሰርሐ ዲፕሎማሲ ስራሕ ብዙሓት ሃገራት ገፆም ናብ ኢትዮጵያ ከዙሩ ምኽኣሎም ዝገለፁ እቶም ኣምባሳዶር፤ ኢትዮጵያ ኣብቀርኒ ኣፍሪካ ዛባዊ ሃገራት ብምቅርራብ ብኢኮኖሚ መሰረተ ልምዓት ምትእስሳር ምኽኣለ፤ብፍላይ ድማ ምስ ኤርትራ ዝገበረቶ ሓድሽ ርክብ ሰላም ብኣካላት መዳርግቲ ተስፋ ንክግብረላ ከምዝገበረ እቶም ኣምባሳደር ገሊፆም ‘ዮም፡፡ ኣፍሪካዊ ፀገማት ብኣፍሪካ ፍታሕ ዝብል መርሕ ኢትዮጵያ ብዙሓት ተቐባልነት ዝረኸበ ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፤ ኣብ ቀፃሊ ኩነታት ተለዋዋጢ ዓለም ዘጋናዘበን ብሄራዊ ጥቕሚ ዘኽብር ግደኣ ኣጠናኺራ ከምትቕፅል ‘ውን ኣብሪሆም ‘ዮም፡፡

ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ ብወገኖም «ኢትዮጵያ ንቡዝሓት ናፃነት ኣፍሪካ ኹለማደያዊ ሓገዝ ምግባር ዝኻኣለት ሃገር ‘ያ » ክብሉ ገሊፆም ‘ዮም፡፡ ኢትዮጵያ መንቅስቓስ ነፃነት ኣፍሪካ ዲፕሎማሲ ብፖለቲካን ብዝተፈላለዩ ዘፈር ደጊፉ ‘ያ፡፡ ሕብረት ኣፍሪካን ትካል ሕቡራት መንግስታትን ንክምስረት ዓብዪ ግደ ኣበርኪታ ‘ያ፡፡ እዚ ድማ ዓብዪ ዓወት ዲፕሎማሲ ኾይኑ ተመዝጊቡ ‘ዩ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ዘመናት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ሎሚ ኽሳድና ቅንዕ ኣቢልና ንክንኸይድ ዘኽኣሉና ‘ዮም ይብሉ፡፡ ኢትዮጵያ ብዓለም ሰላም ኣብ ምሕላው፣ ኣብ ኮሪያ፣ ላይቤሪያ፣ ሩዋንዳ፣ ሶማሌን ካልኦት ሃገራት ዓብዪ ግደ ከምዘበርከተትን እዚ ዓብዪ ቃልሲ ንርክብ ዲፕሎማሲ ምጥቃም ከምዝግባእ ምዒዶም ‘ዮም፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናት ዝነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ ብዓለም ለኸ ዲፕሎማሲ ዓብዪ ግደ ከምዝተፃወቱ ዝገለፁ ድማ ምሁር ታሪኽ ኤመሬተስ ፕሮፌሰር ባህሩ ዘውዴ ‘ዮም፡፡ በቢክፍለ ዘመኑ ዝነበሩ መራሕቲ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ እንተነበሮም ‘ውን ብሕብረት ኣፍሪካን ብዓለም ለኸ ትካላት ዝሰርሕዎ ስራሕ ዲፖሎማሲ ኢትዮጵያ ብግልፂ ዘርኣየ ‘ዩ ነይሩ ይብሉ፡፡ ኣብ መበል 15ን 16 ክፍለዘመን በቢግዚኡ ዝነበሩ መራሕቲ ኣብ ዝተፈላላዩ ግዝያት ዘጋጠሙ ኹናትን መድረኻትን ዓብይ ዲፕሎማስያዊ ግደ ብምፅዋት ግደ ሃገርና ኣጉሊሆም ‘ዮም ክብሉ ኣረዲኦም ‘ዮም፡፡

ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴ ሚኒስትር ኣማኻሪ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ጠቕላይ ሚኒስትር ኣብቲ ፓናል ምይይጥ ኣብ ዘቕረብዎ ሓሳብ ከምዝበልዎ ኢትዮጵያ ኣብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዋጋ ከምዝኸፈለት ድሕሪ ምዝካር፤ ሕቶ በሪ ባሕሪ ምድላይና ብተመሳሳሊ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንቃለሰሉ ኣካል ‘ዩ ክብሉ ኣረዲኦም፡፡ እንሰርሕ ሓይሊ ኢትዮጵያ ንምህናፅ ‘ዩ፤ ብሄራዊ ጥቕሚ ንምሕላው እንሰርሖም ናይ ባዕልና ስራሕቲ ኣለዉ ኢሎም፡፡

ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት ኣርቴፍሻል ኢንተለጀንስ ኢንጅነር ወርቁ ጋቸና ብወገኖም፤ «ዲጅታል ዲፕሎማሲ ብስፍሓት ንክንጥቀም ዘገድደና ዘመን ኢና ዘለና ክብሉ ገሊፆም ‘ዮም፡፡ ንዲጅታል ዲፕሎማሲ ውፅኢታዊ ንምኳን ማሕበራዊ ሚድያ ትኹረት ዝገበረ ስራሕ የድሊ፡፡ ካብ ህዝቢ ዓለም 5ነጥቢ 1 ቢልየን ኢንተርኔት ተጠቃሚ ‘ዩ፤ 4ነጥቢ 8 ቢልየን ህዝቢ ድማ ማሕበራዊ ሚድያ ተጠቃሚ ከምዝኾኑ ይፍለጥ፡፡ ካብ 193ትካላት ሕቡራት መንግስቲ ኣባላት እቶም 189 ሃገራት ተጠቀምቲ ትዊተር ብምኳኖም እቲ ዕድል ምጥቃም ከምዝግባእ ኣብሪሆም ‘ዮም፡፡ ኣብ ዝተፈላላዩ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ቆንስላን ኢምባሲን ኢትዮጵያ ኣብ ዝተገበረ ደህሰሳ እቶም 50 ዝኾኑ ገፅ ፌስቡክ ኣለወዎም እቶም 47 ድማ ገፅ ትዊተር ሃልይዎም ሓበሬታ እናመሓላለፉ ከምዝኾኑ ኢንጅነር ወርቁ ተዛሪቦም፡፡ ብሓፈሻ ዲፕሎማሲ ድጅታል ኢትዮጵያ ኣጀማምርኡ ፅቡቕ እንተኾነ ‘ውን ዝበለፀ ክዓቢ ኣለዎ፡፡ መጥቃዕቲ ሳይበር ትኹረት ዝገበረ ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ ዲፕሎማሲ ዲጂታል ምዕባይ ከምዝግባእ ገሊፆም ‘ዮም፡፡

እዚ ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ዝተዳለወ ዓውደርእይ ቅነ ዲፕሎማሲ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰብ ክፍልታት ‘ውን ዑደት እናገበሩ ይርከቡ፡፡ ኣባላት ኣመራርሓታት ቤት ምኽሪ እዚ ቅነ ዲፕሎማሲ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ዝተዳለወ ዓውደ ርእይ ዑደት ኣካይዶም፡፡ ካብ ዝተፈላለየ ቤት ትምህርቲ ዝመፁ ተምሃሮን መምህራንን ድማ እቲ ዓውደርእይ ዑደት ገይሮም ‘ዮም፡፡

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ፕሬዚዳንት ፌዴሪኢ ሳህለወርቅ ዘውዴ፤ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃእን ኣይተ ደመቀ መኮነን፤ ምክትል ፕሬዚደንት ፓርቲ ብልፅግና ኣደም ፋራህን፤ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ፤ ነባራት ኣምባሳደር ኢትዮጵያ፤ ሚኒስትራት፤ ተቐማጥነቶም ኣዲስ ኣበባ ዝገበሩ ዓለምለኸ ትካላት ሓለፍትን ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም ‘ዮም። እቲ ዓውደ ርእይ፤ «ዲፕሎማሲና ንብሄራዊ ረብሓ» ዝበል መሪሕ ሓሳብ ዘለዎ እንትኾን፤ ካብ ጥሪ 2 ክሳብ 24 ጥሪ 2016 ዓ.ም ከምዝፀንሕ ተገሊፁ ‘ዩ። ዲፕሎማሲ ታሪክ ኢትዮጵያ ሐዚ ዘለዎን ቀፃሊ ስራሕን ዘርእዩ መርሃ ግብሪታት ዝተርኣየሉ ‘ዩ፡፡

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኢትዮጵያ ምስ ሱማሊላንድ ዝተፈራረመቶ ስምምዕ ምጥቓም በሪ ባሕሪ ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝሕግዝ ‘ዩ››

- ኣይተ ያሲን ኣሕመድ ባዕጋይ



መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣይተ ያሲን ኣሕመድ ባዕጋይ ፕረዝደንት ኢንስቲትዩት ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ”ዮም። እዚ ትካል ረብሓ ኢትዮጵያ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ መድረኽ ንክኽበር ዝሰርሕ‘ዩ። ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖምውን ዝኣመሰሉ ረብሓ ኢትዮጵያ ንምሕላው ዝሟገትን ነዚ ዕላማ ሒዙ ዝንዓዝ ትካል ”ዩ። ናይዚ ትካል ፕሬዝዳንት ኣይተ ያሲን ኣሕመድ ባዕጋይ ኣልጀዚራ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለምለኽ ሚድያታት ብዛዕባ ግድብ ዓባይ ክንዲ ኢትዮጵያ ኾይኖም ረብሓ ኢትዮጵያ ንክኽበር ክሳብ ሐዚ ብሓሳብ ዝምጉቱ ”ዮም። ሎሚ ቕነ ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ በሪ ባሕሪ ብዝምልከት ዝተፈራረመቶ ፌርማ ኣዲሂብና ምስ ኣይተ ያሲን ባዕጋይ ፃኒሒት ዝገበርና እንትንኸውን ሙሉእ ትሕዝትኡ ድማ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

**ወጋሕታ፡- ሎሚ ቕነ ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ሂብካ ምቕባል ብዝብል መትከል ምስ ሱማሊላንድ ዝፈረመቶ ስምምዕ ከመይ ተዓዚቦሞ?**

**ኣይተ ያሲን፡-** ከም ኢትዮጵያውያን ኣብዚ ዓመት ዘሕጉስ ዜና ኢና ሰሚዕና፤ እዚ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ዝተገበረ ስምምዕነት ኣብ ሓበራዊ ረብሓ ዝተመስረተ ስምምዕነት ‘ዩ። እዚ ስምምዕነት ንኽልቲኦን ኣዝዩ ጠቓሚ ‘ዩ። እዚ ስምምዕነት ነዘን ክልተ ሃገራት ናይ መጀመርያ ብምዃኑ ብጣዕሚ ዓብዪ ዕድል ‘ዩ። ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብዪ ከምዝበልዎ ኢትዮጵያ በር ባሕሪ ንክትረክብ ሰላማዊ ዝኾነ መገዲ ከምትጥቀም ‘ዩ። እዚ ድማ ናይ ቀርኒ ኣፍሪካ ጂኦፖለቲካ ዝቕይር ‘ዩ፤ ናይ ዞባዊ ቁጠባ ሓበራዊ ረብሓ ከምፅእ ዝኽእል ‘ዩ። ሶማሊላንድ ምስ ኢትዮጵያ ጥራሕ እንተይኾነትስ ምስ ካልኦት ‘ውን ስምምዕነት ኣለዋ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ድማ ዓባይ ሃገር ስለዝኾነት፤ ዝኾነ ሰላም ዘላቒ ክኾን እንተኾይኑ ኣብ ዞባዊ ቁጠባ ረብሓ ዝተመስረተ ክኾን ይግባእ። ኢትዮጵያ ድማ ከም ዓባይ ሃገርን ከም ዋና ከተማ ናይ ኣፍሪካ ብምዃና እዚ ድማ ኣብ ሰላም እትገብሮ ምንቅስቓስ ዓብዪ ግደ ኣለዋ፤ ኣብ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ፀጥታ ምሕላው ‘ውን ዓብይ ግደ ኣለዋ። ኣርባዓ ሚኢታዊ ናይ ዓለም ምንቅስቓስ ንግዲ ብቀይሕ ባሕሪ ‘ዩ ዝሓልፍ፤ ስለዚ እዚ ዓብይ ጉዳይ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡- እዚ ስምምዕነት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሒዝዎ ዝመፅእ ረብሓ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ ያሲን፡-** ብዙሕ ዕድል ሒዙ ‘ዩ ዝመፅእ። እቲ ሓደ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘሎ መንእሰይ እናተሰደደ ናብ ዝተፈላለዩ ኣውሮፓን ካልኦት ዓድታትን ካብ ዝኸይድ ኣብ ዓዱ ሰሪሑ ዝቕየረሉ መገዲ ተዝፍጠር ናይ ኹሉ ድልየት ‘ዩ። ከምዚ ዓይነት ዕድላት እንተመፁ ድማ ንመንእሰይ ዓብዪ ዕድል ሒዙ ዝመፅእ ‘ዩ፤ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ብዙሓት መናእሰይ ዓቕሚ ዘለዎም ምሁራን ኣለዉ ግና ስኣን ስራሕ ዕድል ምፍጣር ንሪኦም ኣለና፤ ብዙሓት መናእሰይ ባሕሪ ኣቋሪፆም ብዙሕ ፀገማት እናረኣዩን ህይወቶም እናሳኣኑን ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝሰግሩ ዉሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ድማ ክቕረፍ ዝኽእል ከምዚ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ዕድል ክርከብ ከሎን ዝተረኸበ ዕድል ናብ ተግባር ብምቕያርን ‘ዩ። እዚ ከም ቀርኒ ኣፍሪካ ለውጢ ንምምፃእ እንድሕር ኾይኑ ኣብ ስምምዕነትን ሓበራዊ ረብሓ እንትምስረት ከሎ ‘ዩ።

እዚ ጥራሕ እንተይኾነ ብዙሓት መናእሰይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘለዎም ዕድል ንክሰርሑ ብዙሓት ነገራት ክቕየሩ ኣለዎም። እዚ ድማ ብመንግስቲ ጥራሕ እንተይኾነስ ህዝብን መንእሰይን ንመፃኢ ብሩህ ነገር ኣብ ምምፃእ ዓብዪ ግደ ኣለዎ። ፍልጠት ዘለዎ ብፍልጠቱ፤ ሞያ ዘለዎ ብሞይኡ ኹሉ በቢዘለዎ ዓውዲ ብምኧን እዚ ዕድል ናብ ረብሓ ንምቕያር ክሰርሕ ኣለዎ። ብዙሕ መንእሰይ ንመፃኢ ራእይን ሕልምን ስለዘለዎ ሃገር ድማ ብናይ መናእሰይ ተሳትፎ ክትምዕብል ግድን ስለዝኾነ ‘ዩ። ኣብ ዕድል ስራሕ ‘ውን ጥራሕ እንተይኾነ ሓዳሽ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብ ምህናፅ ‘ውን ናይ ባዕሎም ግደ ክሰርሑ ግድን ‘ዮም።

**ወጋሕታ፡- እዚ ስምምዕነት ተግባራዊ ንክኾን ካብ ካልኦት ኣካላት እንታይ ትፅቢት ይግበር? ሓበራዊ ረብሓ ኣብ ምርግጋፅ ዘለዎ ትርጉም ከ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ ያሲን፡-** ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪካ ሓበራዊ ታሪኽን ባህልን ኣለና ‘ዩ፤ ምሁራት ቀርኒ ኣፍሪካ ከመይ ገይርና ክንሰርሕ ኣለና? ዝብል ትኹረት የድሊ ‘ዩ። ቅድሚ ሕዚ ንፈልጥ ኢና ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ረብሓ ማለት ሃገራዊ ረብሓ ‘ዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ ዘለናዮ እዋን ግና ናይ ሓደ ሃገራዊ ረብሓ ንካልእ ኣካል ዘካፍልን ተሰጋጋሪን ‘ዩ። ናይ ሓደ ሃገራዊ ረብሓ ብናይ ዞባዊ ረብሓ ክራኣይ ኣለዎ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ በዚ ምትሕብባር እንድሕር ተጀሚሩ ኣብ ዓብዪ ብርኪ ክንበፅሕ ንኽእል ኢና። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ምሁራት ይኹኑ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ቀርኒ ኣፍሪካ መፃኢኣ ከመይ ክኾን ኣሎዎ ብዝብል ትኹረት ገይሮም ክሰርሑ ኣለዎም ይብል፤ እዚ ግና ኣብ ዞባዊ ቁጠባ ኣብ ናይ ሓበራዊ ረብሓ ዝተመስረተ ክኾን ኣለዎ። ስለዚ እዚ ሓበራዊ ረብሓ ኣረዳድኣ ክስፋሕፋሕ ኣለዎ። እዚ ድማ ሓበራዊ ረብሓ እንታይ ማለት ‘ዩ? ኢሎም ንክትንትኑ ግንዛበ ክፈጥሩ ‘ዮም ዝብል ተስፋ ኣለኒ። ከምዚ ዝበሉ ስምምዕነት ናብ ባይታ ንክወርዱ እንታይ ዓይነት ተሳትፎ የድሊ እንድሕር ኢልና ኹላትና ከም ህዝቢ ዘተ ክነካይደሉ ኣለና።

እዚ ዕድል ቅድሚ ሕዚ ኣይነበረን፤ ሐዚ እዚ ዕድል መፂኡ ኣሎ ስለዚ ዘተ ከድልየና ‘ዩ። ዝኾነ ጉዳይ እንድሕር ብዘተ ተዘራሪብናሉ ‘ዩ ክስፋሕፋሕን ክምዕብልን ዝኽእል። ከመይ ገይርና እዚ ስምምዕነት እዚ ናብ ህዝቢ ነውርዶ? ህዝቢ ኸ ብኸመይ ክርደኦ ኣለዎ? እዚ ድማ ሚድያ ዓብይ ግደ ኣለዎም። እዚ ጉዳይ ዝበለፀ ንፁር ክኸውንን እንታይ ማለት ‘ዩ ዝብል ንህዝቢ ኣብ ምርዳእ ሚድያ ዓብይ ግደ ክፃወት ተስፋ ይገብር። ናይ ኢትዮጵያ ሚድያ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘለዉ ሚድያታት ፅዕንቶ ናይ ምፍጣር ዓብይ ግደ ኣለዎም።

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሰዓት እዚ ግደ ናትኩም ትካል እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ያሲን፡-** ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣብ ዓረብ ሚድያ ዝተፈላለየ ሓሳባት እንሃብና ኢና ንርከብ፤ ንሕና ከም ዲፕሎማሲ ትካል ዓብዪ ግደ ክንፃወት ንኽእል ኢና። ብፍላይ ኣብ ወፃኢ ዘለና ተሳትፎ ሚድያ ብዓረብን እንግሊዘኛን ቋንቋ ብምጥቃም መልእኽትና ንምትሕልላፍ እናፃዓርና ኢና ንርከብ። እዚ ንሕና ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ወፃኢ ዝርከብ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ክሳተፍ ኣለዎ። እዚ ጉዳይ ልክዕ ከም ህዳሰ ግድብ ‘ዩ። ሚድያታት ኣብ ጉዳይ ኣባይ ዓብይ ግደ ‘ዩ ተፃዊቶ። ንሕና ኣብዚ ዘለና ድማ ብዝተኽኣለና እናተሳተፍና ንርከብ። ንሕና ከም ኣፍሪካውያን ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ሓበራዊ ጥቕሚ ‘ውን ስለዘለና ከመይ ገይርና ናብ ስምምዕነት ንቕይሮ ዝብል ኣብ ምርድዳእ ክንበፅሕ ኣለና። ኣፍሪካውያን ንኣፍሪካውያን ክንሰርሕ ይግባእ፤ ብፍላይ ድማ ከምዚ ዓይነት ሂብካ ናይ ምቕባል ጥቕምታት ዕድል እንትርከቡ ናብ ተግባር ናይ ምቕያር ግደ ክንፃወት ኣለና፤ ቅድም ኢለ ከምዝበልክዎ ኢትዮጵያ እንድሕር በሪ ባሕሪ ሃልዩዋ ነቲ ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝቕይር ናብ ዝሓሸን ዝሰልጠነን ዘብፀሓ መገዲ ስለዝኾነ እዚ ስምምዕነት ኹላትና ጉዳይ ክኾን ይግባእ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘሎ ህዝቢ ዝጠበቐ ሕውነት ‘ዩ ዘለዎ። እቲ ስምምዕ በሪ ባሕሪ ዞባዊ ጉርብትና ዘጣናኽር እምበር ልኡላውነት ናይ ዝኾነት ሃገር ዝዳፋእ ኣይኮነን። ጉርብትና ዘጣናኽርን ልኣላውነትን ካልኦት ሃገራት ዘኽብር ተገይሩ ዝተመስረተ ስለዝኾነ ‘ዩ። እዚ ስምምዕነት ድማ ብሰላም ‘ዩ ተረኺቡ ብኹናት ወይም ብጎንፂ ኣይኮነን እዚ ንባዕሉ ዓብይ ዓወት ንኹሉ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ‘ዩ።

> **ኢትዮጵያ እትኸዶ ዘላ ኣካይዳ ዲፕሎማሲ ኣብ ሓበራዊ ረብሓ ዝተመስረተ ስለዝኾነ ብዙሕ ኣወንታዊ ውፅኢት እናረእና ኢና ንርከብ**

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ብዕሲ ናብ ብሪክስ ዝተፀንበረትሉ እዋን ”ዩ እዚ ሒዝዎ ዝመፅእ ረብሓ እንታይ ‘ዩ?**

**ኣይተ ያሲን፡-** እዚ ዓብይ ስጉምቲ ዕብየትን ልምዓት ‘ዩ። እዚ ካብቲ እናማዕበለ ዘሎ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ዝወለዶ እቲ ሓደ ‘ዩ ፤ብሪክስ ሓደ ናይ ሚዛናዊ ፖለቲክስ ኢትዮጵያ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ኣባል ብሪክስ ምዃና ሒዝዎም ዝመፅእ ረብሓታት እቲ ሓደ ንግዲ ምቅይያር ‘ዩ፤ ኢትዮጵያ ምስ እዘን ሃገራት ብሪክስ ብናታተን ገንዘብ ልውውጥ ንክኾን ስምምዕነት ስለዘሎ እዚ ንኢትዮጵያ ዓብይ ረብሓ ‘ዩ። ኢትዮጵያ እትኸዶ ዘላ ኣካይዳ ዲፕሎማሲ ኣብ ሓበራዊ ረብሓ ዝተመስረተ ስለዝኾነ ብዙሕ ኣወንታዊ ውፅኢት እናረእና ኢና ንርከብ። እዚ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራት እትገብሮ ዘላ ስምምዕነትን ኣባል ብሪክስ ምኳናን እቲ ሓደ ናይ ኢትዮጵያ ሓድሽ ፖሊሲ ኣብነት ኣፍሪካ ዝገብራ ‘ዩ። ኢትዮጵያ መቐመጢት ዋና ከተማ ሕብረት ኣፍሪካ ስለዝኾነት ኣፍሪካውያን ‘ውን ካብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ፅቡቕ ነገራት ትፅቢት ይገብሩ ‘ዮም። ኣብ ኢትዮጵያ ዝመፅእ ዘሎ ለውጢ ኣፍሪካ ንኢትዮጵያ ከም ኣብነት እናራኣይዋ ‘ዮም ዝርከቡ።

‹‹ኢትዮጵያ ምስ... ገፅ 6

# «ኢትዮጵያ ምስ ሱማሊላንድ...

ኢትዮጵያ ናይ ኣፍሪካ ድምፂ ኣብ ዓለም ንክትኾን ክንፅዕር ኣለና። ኢትዮጵያ ናይ ዞባዊ ሃገራት ኢኮኖሚ ምስ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ብምትእስሳር ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘለዋ ዞባዊ ምትእስሳር ፅዕንቶ ንምሕዳር ኢኮኖሚኣ ንምጥንኻር ዝሕግዝ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡ - መገዲ ዲፕሎማሲ ተጠናኺሩ ንክቕፅል ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር ?**

**ኣይተ ያሲን፡-** መንግስቲ ዓብይ ግደ ኣለዎ። ካብዚ ዝሓለፈ ድማ ከምቲ ቕድም ኢለ ዝበልክዎ ሚድያታት ናይ ባዕሎም ግደ ክፃወቱ ኣለዎም። ፅዕንቶ ፈጠርቲ 'ዮም። ከምኡ 'ውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ናቱ ግደ ክፃወት ኣለዎ። እዚ ስምምዕነት ቀሊል ኣይኮነን ዓብይ ሓላፍነት ዝሓትት 'ዩ። ክሳብ ኣብ ስራሕ ዝውዕል ብዙሕ ስራሕን ኣስተዋፅኦን የድልየና 'ዩ። ጉዳይ ወሰን ባሕሪ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካን ሓበራዊ ዝኾነ ጥቕሚ ምዕባይ ይካኣል 'ዩ፤ ስለዚ ሃገራት ኾኑ ህዝብታት ወታደራዊ ጎንፅታትን ኣዕናዊ ኹናትን ከም ሃገር ኣማራፂ ወይ ድማ ኣንፈት ዘይምኳኑ ብጥልቀት ምግንዛብ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ ምኽንያቱ ናይ ባሕሪ ወሰን ፀገም ብሰላማዊ መገዲ ዲፕሎማስያዊ ብዝኾነ ኣካይዳ እንድሕር ዘይተኸይዱ ንሃገር ዓብይ ዋጋ ከኽፍል ዝኽእል 'ዩ። እዚ ንከይፍጠር ግና ኢትዮጵያ ዝተጠቐመትሉ ኣካይዳ ሰላማውን ሓበራዊን ረብሓ ዘተኮረ ስለዝኾነ እዚ ድማ ህዝቢ 'ውን ዝድግፎ ኣካይዳ ስለዝኾነ እቲ ዝተረኸበ ስምምዕነት ናብ ባይታ ንክወርድ ብዘይ ምንም ስግኣት ሓገዝ ህዝቢ 'ውን ኣድላይ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።**

**ኣይተ ያሲን፡-** ኣነ 'ውን የመስግን።



# መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዘዕብይ 'ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ኢኮ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ካብ ምዕባይ ሓሊፉ ኢኮ ቱሪዝም ኣፍሪካ ንኽዓብይ በሪ ዝኸፍት 'ዩ ክብሉ ኣቦ መንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪካ ሙሳ ፋቂ ገሊፆም።

ኣቦ መንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪካ ሙሳ ፋቂ ኣብ መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ዑደት ገይሮም።

ኣብቲ ዑደት ከምዝተዛረብዎ 'ውን፤ መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ኢኮ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዘዕብይን ንዘፈር ኢኮ ቱሪዝም ኣፍሪካ ዘነቓቕሕን 'ዩ።

መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ንኽለምዕ፣ ንኽዓቢን ብምግባር ዓብዩ ግደ ይፃወት ዝበሉ ሙሳ ፋቂ፤ኢኮ ቱሪዝም ሃገርና ካብ ምዕባይ ሓሊፉ ንኻልኦት ሃገራት ኣፍሪካ ተምሳሌት ብምዃን ኣብ ኢኮ ቱሪዝም ንከሰርሓ ይገብር ኢሎም።

እቲ ፕሮጀክት ተፈጥሮ ሓሊውካ ንምፅናሕ ዓብዩ ግደ ይፃወት፤ ንማሕበረሰብ እቲ ከባቢ 'ውን ዕድል ስራሕ ይፈጥር፤ እቲ ከባቢ ንኽዓቢን ንኽለምዕን ይገብር ክብሉ ተዛሪቦ።

መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ነቲ ከባቢ ዘፋልጥን ዝተፈላለዩ ዕድላት ዝኸፍትን 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ኣብ ኢኮ ቱሪዝም ንኽሰርሕ ዓብዩ ምልዕዓል ዝፈጥር እንትኸውን ኣብ ኣፍሪካ ኢኮ ቱሪዝም ንኽዓቢ ዓብዩ ግደ ኣለዎ ክብሉ ኣብሪሆም።

መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ዓብዩ ሃፍቲ ሃገርና ብምዃኑ ሰበ ስልጣንን ማሕበረሰብን እቲ ከባቢ ክሕልዉዎን ክከናኸንዎን ይግባእ፤ ዑደተኛታት ዑደት ክገብርሉ ዝግባእ ሰሓቢ ቦታ 'ዩ ክብሉ 'ውን መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

ዋና ፀሓፊ ኢጋድ ዶክተር ወርቅነህ ገበየሁ ብወገኖም፤ መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ቱሪዝም ሃገርና ብዝበለፀ ንኽዓቢ ይገብር፤ ንማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ዕድል ስራሕ ብምፍጣር ፍልፍል ኣታዊ ኾይኑ የገልግል፤ ህይወት ብዙሓት ይቕይር ክብሉ 'ውን ተዛሪቦም።

ወንጪ ማራኺ ተፈጥሮ ካብ ዝተዓደሎም ቦታታት ሃገርና እቲ ሓደ 'ዩ፤ ተፈጥሮ ኢድ ወድሰብ እንትነኽኦ ብዝበለፀ ስሓባይ ይኸውን፤ ነዚ 'ውን በዚ ፕሮጀክት ርኢና ኢሎም።

ሃገርና ተፈጥሮኣውን ታሪኻውን መስሕባት ቱሪስት ዝተዓደለት እንተኾነት 'ውን፤ እቲ ተፈጥሮኣዊ ቱሪዝም እናተርኣየ ኣይኮነን፤ ወንጪ ነዚ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ዓብዩ ግደ ከምዝፃወት ገሊፆም።

መባፅሕታት ቱሪዝም ሃገርና ብምልማዕ ንኢኮኖሚ ንምድጋፍ ዝሰርሑ ስራሕቲ ዘደንቑ ምዃኖም ዝገለፁ እቶም ዋና ፀሓፊ፤ ወንጪ ሃገርና ዘለዋ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ብዝበለፀ ንኽዓቢ ይገብር ክብሉ ገሊፆም።

ተፈጥሮኣዊ ቱሪዝም ንምልማዕ ዓብዩ ኢንቨስትመንት ዝሓትት እንተኾነ 'ውን መንግስቱ ብናይ ዓርሱ ምልዕዓል ጠመተ ሂቡ እናሰርሐሉ 'ዩ፤ ውልቃዊ ዘፈር 'ውን ክሰርሐሉ ይግባእ ክብሉ ሓቢሮም።

ኣፍሪካ ብተፈጥሮኣውን ታሪኻውን ቱሪዝም ዝተዓደለት ከምዝኾነት ብምግላፅ፤ ኢኮ ቱሪዝም ንምዕባይን ብዝበለፀ ተጠቃማይ ንምዃንን ሕዚ 'ውን ብጠመተ ምስራሕ ትፅቢት ይግበረላ ኢሎም።

ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ ቱሪዝም ዝተፈለጠት 'ያ፤ ተፈጥሮኣዊ ቱሪዝም ምስፍሕፋሕ ግቡእ 'ዩ ክብሉ ኣመላኺቶም።

መንደር ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ ደንዲ ኣብ ወንጪ ዕድል ስራሕ ይፈጥር፤ መሰረተ ልምዓት ንኽስፋሕፋሕን ቱሪዝም ንኽዓቢን ንኽምዕብልን ይገብር ክብሉ ኣብ ኢትዮጵያ ኣምባሳደር ኣሜሪካ ኣርቭን ሆሴ ማሲንጋ ተዛሪቦም።

ውልቃዊ ዘፈር ሃገርና ንኽበረታታዕ ይገብር፤ ቱሪዝም ንኽስፋሕፋሕ ዓብዩ ዕድል ይፈጥር። ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ኣብ ኢኮ ቱሪዝም ጠመተ ሂቡ ንክሰርሕ ይገብር ኢሎም።

እቲ ቦታ ዘገርምን ዘደንቕን ስለዝኾነ ቱሪስትታት ዓለም መፂኦም ዑደት ክገብርሉ ይግባእ ክብሉ ተዛሪቦም።

# "ስራሕቲ ኢኮቱሪዝም. . .

ፕሮጀክት ኢኮቱሪዝም ወንጪ-ደንዲ ኣብ ሓፂር እዋን ዓብዩ ስራሕ ክሰራሕ ከም ዝከኣል ዝተረጋገፀሉን «ምድማር» በተግባር ዝተረኣየሉን ምዃኑ ተዛሪቦም።

እቲ ፕሮጀክት ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ብዝተኣከበ ሃፍቲ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዝመፅኡ ሰብ ሞያታትን መተሓባበርቲ እቲ ፕሮጀክትን ዝተሃነፀ ምዃኑ «ምድማር» ብተግባር ዝተርኣየሉ 'ዩ ኢሎም።

ካብ ከባቢ ወንጪ ዝወፅኡ ብዙሓት ጀጋኑ ሓድነት ኢትዮጵያ ንምሕላው ሉኣላዊነት ንምኽባርን ዓቢ ውዕለታ ከምዘበርከቱ ኣዘኻኺሮም።

«ምድማር» ብሓባር ተተሓሒዝካ ምዕባይ ምዃኑ ብምምልኻት፤ ብልፅግና ኢትዮጵያን ንምርግጋፅ መደመር ወሳኒ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ፕሮጀክት ወንጪን እቲ ከባባኢን ብልምዓት ምትእስሳር ዘኽእል ምዃኑ ገሊፆም።

ፕሮጀክት ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ-ደንዲ ዝተፈላለዩ መሰረተ ልምዓታት ዝሓቖፈ ብምዃኑ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ቀፃሊ ንዝሰርሕዎ ስራሕቲ ዝተመቻቸወ ኩነታት ምፍጣሩ ኣመልኺቶም።

እቲ ፕሮጀክት ጅሙር ስራሕ ምዃኑ ብምምልኻት፤ ኣብ ቀፃላይ ዓብዩ ስራሕ ትፅቢት ክግበረና 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ ዝቅፅል ኣምቦ፣ ወንጪ፡ደንዲ ሀይቅ፣ ወሊሶን ብሓደ ዘተኣሳስር ዓብዩ ስራሕ ምስራሕ ከምዘድሊ ገሊፆም።

ሰብ ሃፍቲ ኣብ ወንጪ-ደንዲ ከባቢ ብስፍሓት ኣብ ኢንቨስትመንት ንክሳተፉ መንግስቲ እቲ ክልል ብትኹረት ንክሰራሕ ከምዝግባእ ብምግላፅ፤ ከባቢ ማሕበረሰብ ወንጪ ተፈጥሮ ከባቢኡ ሓሊዉ ከምዝፀንሓ ሕዚ 'ውን እዚ ተግባር ኣጠናኺሩ ንኽቕፅል መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

ብባህሉ ጋሻ ተቐባሊ ዝኾነ ህዝቢ ወንጪ-ደንዲን ንምጉብናይ ዝመፅኡ ኣጋይሽ ብፅቡቅ ኩነታት ብምቅባል ስሙ ኣሓልዩ ምቕፃል ከምዘለዎ ገሊፆም።

ኣጋይሽ ሓብሒቡ ኣተኣናጊዱ ብታሕጓስ ንክምለሱ ብምግባር ቀልቢ ጎብነይቲ ምስሓብን ዝሐሸ ኣታዊ ዝርከበሉ መንገዲ ምምቻቻው ክድልዮ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ሃፍቲ ኣብ ተፈጥሮ ዝተዓደለና ጠንኪርና ብምስራሕ ብልፅግናና ክነረጋግፅ ይግብኣና ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ እቲ ዝተጀመረ ጉዕዞ ብልፅግና ካብ ምርግጋፅ ደው ዘብለና ነገር የለን ኢሎም። ኣብ ዝቕፅል ኣብዛ ሃገር ስራሕቲ ልምዓታት ኣብ ሓፂር እዋን ብምዝዛም ክንተግህ ኢና ክብሉ ገሊፆም።

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኦሮሚያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ብወገኖም ኢኮ ቱሪዝም ወንጪ -ደንዲ ማእኸል ቱሪዝም ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ብዙሕ ዕድላት መእተዊ በሪ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ፕሮጀክት ኣታዊ ብምፍልፋል፣ ዕድል ስራሕ ብምፍጣር ከምኡ 'ውን ፈጠራ ስራሕ ብምብርትታዕ ንዕብየት ኢኮኖሚ ልዑል ግደ ከምዝገብር ኣመልኪቶም።

ካብ ቀዳማይ ሚኒስትር ብተውሳኺ ኣቦወንበር ኮሚሽን ሕብረት አፍሪካ ሙሳ ፋቂህ ማኅማት፣ ዋና ፀሓፊ ኢጋድ ወርቅነህ ገበየሁ (ዶ/ር)ን ኻልኦት ጉጅለ ልኡኻት ዲፕሎማቲክ ማሕበረሰብ ከምኡ 'ውን ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ ፌዴራልን ክልልን ኣብቲ ስነ ስርዓት መርቃ ተረኺቦም 'ዮም።

# በዓል ጥምቀት ኣብ ከተማ . . .

ዝተፈላለዩ ናይ በዓል ምድላዋት እናገበሩ 'ዮም። ኣብ ማይጨው ዝተፈላለዩ ባህላዊ ምርኢታት ዝተዳለዉ እንትኹኑ፤ ስፖርታዊ ውድድራት፣ ኮንፈረንሳት፣ባህላዊ ፀወታ ቅልስን ክካየድ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ብተማሳሳሊ ኣብ ከተማታት መቐለ፣ ኣኽሱምን ካልኦት ከተማታትን ብድሙቕ ክኽበር 'ዩ።

በዓል ጥምቀት ኣብ ከተማ መቐለ እንዳ ጋብር፤ ነቲ በዓል ዘኽብር ህዝቢ ኣብ ዝተኣከበሉ ስርዓተ ጥምቀት ብድሙቕ ኹነታት ክኽበር 'ዩ። መናእሰይ ከተማ መቐለ ናብ ጎቦ ጮምዓ ብምድያብ ነቲ በዓል ከድምቕዎ 'ዮም ኢሎም።

ብተመሳሳሊ ከተማ ኣኽሱም ከምቲ ዝፍለጥ መበቆል ሃይማኖታዊ ስርዓት፣ ፅላተ ሙሴ ዝዓረፈትሉ፣ ሊቅ ዜማ ቅዱስ ያሬድን ፈላስፋ ዘርኣያቆብ ዝተወለድሉ ቦታ 'ዩ፤ ምስዚ ተተሓሒዙ ነዚ ማእኸል ዝገበረ ድሙቕ ሃይማኖታዊ ትሕዝትኡ ብዝሓለወ መልክዕ ክኽበር 'ዩ።

ቕድም ክብል ኣብ ትግራይ ዑደት ዝገብሩ ዝነበሩ ወፃእተኛታት፣ ሰበ ስልጣናትን፣ጋዜጠኛታት 'ውን ሐዚ በቲ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ብፍሉይ መፂኦም ዳግም ዑደት ክገብሩ ዝተፈላለየ ፓኬጅ ከም ዝተዳለወ ገሊፆም።

ብፍላይ ኣብ ከተማ መቐለን ከባቢኣን ዝተፈላለዩ ታሪኻውን ሃይማኖታውን መስሕባት ኣለዉ፤ ስላሴ ጨለቖት፣ ኾኾሎ ዮሃንስን ኻልኦትን፤ እናተወደብና ዑደት ናይ ምግባር ባህሊ ክነዳብር እዚ በዓል ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ሓቢሮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ከባቢ ኣኽሱም፣ደብረዳሞን ገረዓልታን ቐፅሪ ቱሪስት እናወሰኸ ከምዝርከብ ብምግላፅ፤ እቶም ዑደተኛታት ናብራ ህዝቢ ቐሪቦም ብተግባር እናርኣዩን ጎቦታት እናደየቡን የሕልፍዎ ከም ዘለዉ ድሕሪ ምግላፅ፤በዓል ጥምቀት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ዝነብሩ ተወለድቲ ትግራይ ካልኦትን ኣብቲ በኣል ክሳተፉ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ወጋሕታ **ዜና**

# ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ካብ ትማሊ ክሳብ ሎሚ

**በሪሁ ኣረጋ**

ታሪኽ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዘመን ኣለዎ። ታሪኹ ‘ውን ብኣግባቡ ተሰኒዱ ወለዶ እናተቐባበሎ ናብ ሎሚ በፂሑ ኣሎ። ንፅባሕ ‘ውን ብተተካኢ ወለዶ ክሳገር ‘ዩ። ንብሄራዊ ረብሓን ህንፀት ምስልን ኢትዮጵያ ዕዙዝ ግደ ኣበርኪቱ። እቲ ኣበርክቶ ብውፅኢት ድኻም ብዙሓት ዝተረኽበ ‘ዩ። ብዙሓት ብዝተውሃቦም ፀጋ ፍልጠቶም፣ ግዜኦምን ጉልበቶምን ለጊሶም።

ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ካብ ጥንታዊ ስልጣነ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ እናተሰርሑ ብዝርከቡ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕቲ፤ ሽም ኢትዮጵያ ኣብ ኻልኦት ሃገራት ደሚቑ ንኽፀሓፍ፣ ተሰማዕነታ ንክውስኽን ኣብ በዓል ብዙሕ ወገን ዲፕሎማሲ ንክትሳተፍን ዕድል ፈጢሩ ‘ዩ።

ጉዕዞ ብራኽ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ወለዶ ክፈልጦ ንምግባር፣ ስራሕ ዲፕሎማሲ ፅባሕ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ዓውደ ርእይ ቕነ ዲፕሎማሲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ተኸፊቱ። ነቲ ዓውደ ርእይ ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ 2 ጥሪ 2016 ዓ.ም መሪቐን ከፊተንኦ።

ደገስቱ እቶም ነባራት ትካላት ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃእን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያን ‘ዮም። እቲ ዓውደ ርእይ ናብ ምርኢት ክበቅዕ ንምግባር ልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ላዕልን ታሕትን ኢሎም። ገና ካብ በሪ እንትእተው ብዙሕ ከምዝተደኸመሉ ብግልፂ ‘ዩ ዝረኣይ። ካብ ታሪኽ ንግስተ ሳባ ጀሚሩ ክሳብ መፃኢ ዘመን ዲፕሎማሲ ብሰፊሑ ቀሪቡ። ብፅሑፍ፣ ብቪድዮን ፎቶግራፍን ተዋዲዱ ብምቕራቡ ተራእዩ ዘይፅገብን ኣዝዩ መምህርን ንክኸውን ገይርዎ።

ኣብ ኢንስቲትዩት ጉዳያት ወፃኢ ላዕለዋይ ተመራማራይን ዳይሬክተር ጀነራል መፅናዕቲ ኤዥያን ፓስፊክን ኣባል መዳለዊ ኮሚቴ እቲ ዓውደ ርእይን ኣንተነህ ጌታቸው (ዶ/ር) ነቲ ዓውደ ርእይ ኣመልኪቶም ከምዝዛረብዎ፤ ትካላዊ ዝኾነ ስራሕ ጉዳያት ወፃእን ዲፕሎማሲን ዝተጀመረሉ ታሪኽ 116 ዓመትን ጥንታዊ ዲፕሎማሲን ካብ ንግስተ ሳባ ክሳብ ዲፕሎማሲ መፃኢ ወለዶ ብሰፊሑ ቀሪቡ ‘ዩ።

ብዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ብዙሓት ታሪኻት ተመዝጊቦም ‘ዮም። ኣብቲ ታሪኽ ‘ውን ብዙሕ ውረድ ደይብ፣ ምውዳቕ ምልዓልን ዓወትን ከምዝነበረ ዝዛረቡ ዶክተር ኣንተነህ፤ ይኹን ‘ምበር ዝተሰርሐ ነገር ብኣግባቡ ዘይምፍላጥ፣ ብዝፈለጥናዮ ልክዕ ዘይምጥቃምን ብኣግባቡ ብምምዝጋብ ናብ ቐፃሊ ወለዶ ናይ ምምሕልላፍ ፀገምን ኣሎ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ዲፕሎማሲ ትማሊ፣ ሎሚን ፅባሕን ኣብ ሰለስተ ምዕራፍ ግዜ ተሰኒዱ ንተተካእቲ ዲፕሎማት ስንቂ ብዝኸውን መልክዑ ከምዝቐረበ ተዛሪቦም።

እቲ ዓውደ ርእይ ሽዱሽተ ክፍልታት ኣለዉዎ። ብመንፅር ርክብ ወፃእን ዲፕሎማሲን በቢ ዘመኑ ዝተሰርሐ ካብ ንግስተ ሳባ ጀሚሩ ክሳብ ዓወት ዓድዋ ኣብቲ ፈላማይ ምዕራፍ ቀሪቡ።




ዘመናዊ ዲፕሎማሲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝብል ኣብቲ ካልኣይ ክፍሊ ቐሪቡ። ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ካብ ዝጣየሽ ጀሚሩ ዘሎ ናይ 116 ዓመት ኣሰራርሓ፣ ኣወዳድባ፣ ሃገርና ትኽተሎ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ብሰፊሑ የረድእ።

ካብ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ብተወሳኺ ሚኒስቴር ቱሪዝም፣ ሚኒስቴር መከላኸሊ፣ መንገዲ ኣየርን ኻልኦት ትካላትን ኣብ ሰላም ምኽባር፣ ቕርሲ ኣብ ምምላስ፣ ኣብ ስፖርትን ጥዕናን ንዲፕሎማሲዊ ስራሕ ዘበርከትዎ ኣበርክቶን ሕዚ ‘ውን እናሰርሕዎ ዝርከቡን ንዓይኒ ብዝስሕብ መልክዑ ዑደት እናተገበረሉ ‘ዩ።

ኢትዮጵያ መስራቲት ኣባል ዝኾነትሉ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ውድብ ሓድነት ኣፍሪካ፣ ኢጋድ፣ ኣብ ቀረባ ኣባል ንዝኾነትሉ ብሪክስ ዘካተተ በዓል ብዙሕ ወገን ዲፕሎማሲ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ከምዝርከብ የረድኡ።

ብሓባር ብምልማዕ፣ ብሓባር ኣብ ምዕባይ፣ ኣብ ሓባራዊ ድሕንነት፣ ኣብ ዞባዊ ምትእስሳርን ኣጀንዳ ሃገራት ዓለም ኣብ ዝኾነ ለውጢ ነባሪ ኣየርን ቅዋም ኢትዮጵያ ብሰፊሑ ተንፀባሪቑ።

ዲፕሎማሲና ሎሚ ራብዓይ ክፍሊ እንትኸውን ሰፊሕ ብፅሒት እቲ ዓውደ ርእይ ሒዙ ይርከብ። ጠመትኡ ኣብ ዲፕሎማሲ ድሕረ ለውጢ እንተገበረ ‘ውን እናተሰርሑ ዝርከቡ ስራሕቲ ምስ ናይ ትማሊ መበገሲ ታሪኾም ተዋዲዶም ምቕራቦም ይገልፁ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ናብ ስልጣን እንትመፁ ብዛዕባ ዝተኸተልዎ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኣብ ፓርላማ ኣብ ዝገበርዎ መደረ ከምዝገለፁ ዘዘኻኸሩ ዶክተር ኣንተነህ፤ ብቓሎም መሰረት ዝሰርሕዎ ዞባዊ ምትእስሳር ምጥንኻር፣ ምስ ጎረባብቲ ብሓባር ምልማዕ፣ ዜጋ ዝስትውዐል ዲፕሎማሲ፣ ኢኮኖሚያዊ ዲፕሎማሲ፣ ርክብ ኽልቲኣውን በዓል ብዙሕ ወገንን መድረኽ ከምኡ ‘ውን ሓምለዋይ ዓሻራ፣ ግድብ ህዳሰ፣ መሸጣ ሓይልን ንካልኦት ውፅኢታዊ ስራሕትን ብተግባር ምርኣይ ተኻኢሉ ኢሎም።

ኣብቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ዝቐረበ ዲፕሎማሲ መፃኢ ዘመን ምኻኑ ገሊፆም፤ ንቐፃሊ ርክብ ወፃእን ዲፕሎማሲያዊ ስራሕን ምጥንኻር ዲጂታል ዲፕሎማሲን ሰብ ሰራሕ ኣስተውዕሎትን ወለዶ ንኽፈልጦ ምቕራቡ ይዛረቡ።

ኣብ መፃኢ ዘመን መረዳእታ ዲፕሎማሲን ትካላትን ብዘመናዊ መልክዑ ዝተዋደደ ንክኸውን ንምግባር፣ ፍልጠት ዝመርሖም መፅናዕትታትን ምርምራትን ብሄራዊ ረብሓን ምስልን ሃገርና ንምህናፅ ቴክኖሎጂ ምጥቃም ግቡእ ‘ዩ። ነዚ ድማ ቴክኖሎጂ ብኣግባቡ ዝጥቀም ዲፕሎማት ምፍራይ ከምዝግባእ የረድኡ።

ብሓፈሻ ዕላማ እቲ ዓውደ ርእይ ኣብ ዙርያ ርክብ ወፃእን ዲፕሎማሲን ንዝተሰርሑ ስራሕቲ ወለዶ ክፈልጦም ምግባር እንትኸውን፣ እቲ ዝተጀመረ ዓውደ ርእይ ዓብዩ ሰነድ ብታሪኽ ብምኳኑ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ቐዋሚ ኤግዚቢሽን ንክህልዎ ክስራሕ ‘ዩ ኢሎም።

በቢ ዘመኑ ንዝተሰርሑ ፅቡቓት ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ምሕላው፣ ዲፕሎማት ምኽባር፣ ንዘጋጠሞም ፈተና ፅባሕ ንከይድገም ብመምርሒ ምግባር፣ ዘጨቓጭቑ ታሪኻት ንመፅናዕቲ ታሪኽ ምግዳፍ፣ ብሄራዊ ረብሓን ፖለቲካን ምፍላይ፣ ውሽጣዊ ፀገማትን ምፍታሕ ካብ ወለዶ ትፅቢት ይግበር ክብሉ ተዛሪቦም።

ነቲ ዓውደ ርእይ ካብ ዝንብነዩ ሓደ ዳይሬክተር ሓለዋ ቅርሲ፣ ፅንዓትን ምሕደራን ናይ ምክልኻል ብርጋዴር ጀነራል ደሳለኝ ዳቸ ከምዝብልዎ፤ ኣብ ዓውደ ርእይ ሰሙን ዲፕሎማሲ ዝቐረቡ ዲፕሎማሲታት ፖለቲካ፣ ኢኮኖሚ፣ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝብን፣ ሓምለዋይ ዓሻራን ግድብ ህዳሰን ትምህትርት ‘ዮም።

ዓውደ ርእይ ቕነ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ወናኒት ዲፕሎማሲያዊ ታሪኽ ብዙሕ ዘመን ምኳናን ካብ ንግስተ ሳባ ጀሚሩ ዛጊድ ዘሎ ውረድ ደይብ ዲፕሎማሲ ብፎቶ፣ ቪድዮን ፅሑፍን ተዋዲዱ ቀሪቡ ክንምልከት ክኢልና ኢሎም።

ዝሓለፉ መራሕቲ ሓሊዎም ዘፅንሕዎ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ናብ ቀፃሊ ክቕፅል ንምግባር ወለዶ እዚ እዋን ሓላፍነቱ ክዋፃእ ከምዝግባእ ‘ውን ኣፍሊጦም ‘ዮም።

ኣብቲ ዓውደ ርእይ ዑደት እናገበሩ ዝረኸብናዮም ኣይተ ተገኝ ኣለማየሁ ብወገኖም፤ እቲ ዓውደ ርእይ ታሪኽ ሃገርና ዘፍልጥ ምኳኑ ብምግላፅ፤ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ምእንቲ ክርድእዎ ኣብ ካልኦት ክፋላት ሃገርና ‘ውን ክዳለው ከምዝግባእ ይሕብሩ።

ኣብ ቀፃሊ ኣብ ሃገርና ኣንተዝህልው ዲፕሎማሲ ኩሉ ማሕበረሰብ ግደ ክህልዎ ይግባእ ዝበሉ ኣይተ ተገኝ፤ በዚ ‘ውን ኢኮኖሚ ኣብ ምዕባይ፣ ማሕበራዊ ርክብ ኣብ ምጥንኻር ከምኡ ‘ውን ኣብ ኻልኦት ስራሕቲ ዓሻርኦም ከንብሩ ይግባእ ይብሉ።

# ፖለቲካዊ ፍልልይ ንግዚኡ ንጎኒ ብምግዳፍ ንሃገር ኣብዝጠቅሙ ጉዳያት ኩሉ ሓደ ክኸውን ይግባእ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱማሊላንድን ዝተገብረ ስምምዕ በሪ ባሕሪ ንሃገር ዝጠቕም ምኳኑ ብምግንዛብ ፖለቲካዊ ፍልልይ ንግዚኡ ንጎኒ ብምግዳፍ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክድግፍ ይግባእ ክብሉ ምኽትል ኣቦ ወንበር ትግራይ ዴሞክራስያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ መስፍን ደሳለኝ ገሊፆም፡፡

ኣይተ መስፍን ደሳለኝ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያውያን ናይ ፖለቲካ ፍልልይ ዋላ እንተሃለወና ንፖለቲካ ከንብል ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ከንፋፈል የብልናን፡፡ ንግዚኡ ጉዳይ ፖለቲካ ንጎኒ ብምግዳፍ ኣብ ሃገራዊ ረብሓ ሓደ ከንኸውን ይግበአና፡፡

ናብዚ ስምምዕ እዚ ንምብፃሕ ብዙሕ ዲፕሎማስያዊ ፃዕሪ ሓቲቱ ‘ዩ፡፡ ዋላ ናይ ፖለቲካዊ ፍልልይ ይሃልወና ኩልና ኢትዮጵያውያን ኣብከምዚ ዝበለ ሃገራዊ ረብሓ ሓደ እንተኾይና ረብሓ ሃገር ከነኽብር ንኽእል ኢና፡፡

ብፍላይ ኢትዮጵያ እትኽተሎ ዘላ ሂብካ ምቕባል ዝብል መትከል ትኽክለኛን ተደጋጊፍካ ንምዕባይን ዝሕግዝ ‘ዩ፡፡ ብምኳኑ እቲ ስምምዕ ንክልቲኡ ወገን ዝጠቕም እምበር ዝጎድእ ኣይኮነን ክብሉ ገሊፆም፡፡

መንግስቲ ረብሓ በሪ ባሕሪ ተረዲኡ ናብ ምንቕስቓስ ኣትዩ ኣብ ሓፂር እዋን ምስኽዑ ዓብዩ ዲፕሎማስያዊ ዓወት ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ እዚ ዓወት እዚ ብዙሕ ሃገራዊ ፋይዳ ስለዘለዎ ናብ ትግባር ክቕየር ኩሉ ኢትዮጵያ ክድግፎ ይግባእ፡፡

ንኢትዮጵያ ባሕሪ በሪ ቐንዲ ቑልፊ ዕቤት ሃገር ‘ዩ፡፡ ኩልና ኢትዮጵያውያን ሓደ እንተኾይና እዚ ስምምዕ እዚ ናብ መሬት ንምውራድ ዝከብድ ኣይኮነን፡፡ ብፍላይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣብ ጎኒ መንግስቲ እንተኸይኑ ድሌት ሃገርና ተረጋጊፁ ብዙሓት ፀገማት ክቕረፉ ይኽእሉ ‘ዮም፡፡

ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሓደ ሓደ ኣፋላላያት ክህልዉ ይኽእሉ ‘ዮም፤ እቶም ኣፋላላያት ግና ንሃገር ብዝጠቅም ክኸውን ኣለዎ፤ ብመንግስቲ ይምፃእ ብኻሊእ ንሃገር ዝጠቕም እንተኾይኑ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክድግፎ ክኽእል ኣለዎ፡፡

ጥራሕ ንሃገር ዝጠቕም እንተኾይኑ ኩሉ ኢትዮጵያ ክረባረብን ክተሓጋገዝን ኣለዎ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ ኣብዚ ሓደ ሓደ ኣካላት ኣብ ኣታጋባብራ ስግኣት እንተሃልይዎም ድማ ምዝርራብን ምምኽኻርን ኣድላይ ‘ዩ፡፡

እዚ ስምምዕ ብሓፈሻ ነቲ ዞባ ‘ውን ኩለመዳያዊ ረብሓ ‘ዩ ዘለዎ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ ብፍላይ ድማ ንኽልቲኦን ዓድታት ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝጠቅም ስለ ዝኾነ ህዝቢ ሱማሌላንድ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓባር ክድግፎ ይግባእ ክብሉ ወሲኾም ገሊፆም፡፡





# ስፖርት



## ኣትሌታት ኢትዮጵያውያን ኣብ ዓለምለኸ ውድድር ገዛ ውሽጢ ቱር ትፅቢት ይግበረሎም

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

እዚ እዋን ብኣትሌቲክስ ስፖርት ወድድር ገዛ ውሽጢ ብስፍሓት ዝካየደሉ ከምዝኾነ ዝፍለጥ 'ዩ። ኣብ ፍርቂ ወርሒ ለካቲት እቲ ስፖርት ብዝመርሖ ኣካል ዓለምለኸ ገዛ ውሽጢ ሻምፒዮና ዝካየድ ምኳኑ ስዒቡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ብዙሓት ከተማታት ውደድራት ገዛ ውሽጢ ቱር የካይዳ 'የን። ኣብ ኣህጉራት ኣውሮፓ፣ ኤስያን ሰሜን ኣሜሪካን ኣብ ዝርከባ 20 ከተማታት ውሽጢ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ውድደራት ዝግበሩ እንትኾኑ ንሳቶም ድማ ብዓለም ኣትሌቲክስ ናይ ወርቂ፣ ብሩር፣ ነሓስ ከምኡ 'ውን ተሳትፎ ውድድር ዝብል ክወሃቦም 'ዩ። ናይ ፈረንጂ ሓድሽ ዓመት ቅድሚ ምእታው ዝተጀመረ እዚ ዓለምለኸ ውድድር ቱር ሻምፒዮና ቅድሚ ምክያዱ ምድላዋት ዝዛዘም እንትኾን፤ ናይ ሜዳ ተግባራት ከምኡ 'ውን ካብ 60 ሜትሮ ክሳብ 5ሽሕ ሜትሮ ብዘለዉ ርሕቐት ኣትሌታት ክፎካኸሩ 'ዮም። ሕድሕድ ውድድር ቱር ሽልማት ገንዘብ ዝረኽቡ እንትኾኑ፤ ኣትሌታት ብዝህልዎም ተሳትፎን ብዘመዝግብዎ ነጥቢን ተደሚሩ ብቀጥታ ሃገሮም ወኪሎም ኣብ ዓለምለኸ ቻምፒዮና ዝሳተፍሉ ዕድል ክረኽቡ ይኽእሉ 'ዮም። ካብዚ ዝሓለፈ ልዑል ነጥቢ ዝረኸቡ ኣትሌታት ኣብ መወዳእታ ውድድር 10ሽሕ ኣሜሪካ ዶላር ብምርካብ በቲ ውድድር ናይዚ ዓመት መጀመርያ ዝኾነ ዓለምለኸ ቻምፒዮና ዝፎካኸሩ ይኾኑ። ኣብ እንግሊዝ ግላስኮ ኣዳላውነት ዝግበር እዚ ናይ ገዛ ውሽጢ ቻምፒዮና ሎሚ 'ውን ንመብል 19 ግዜ ክካየድ 'ዩ።

ብብርኪ ዓለም ኣትሌቲክስ ዝተውሃቦም ውድድራት ቱር ብተኸታታሊ እናተኻየዱ እንትኾን፤ ተፈለጥቲ ኣትሌታት ዝካፈልዎም ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለውዎም



**ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ**

ውድድራት ድሕሪ ሒደት መዓልትታት ክጅምሩ 'ዮም። ናያ መጀመርያ ውድድር ኣብ ኤስያ ካዛኪስታን እተካይዶ ውድደር ቀዳሚ እንትኾን፤ ኣብቲ ውድድር ተፈለጥቲ ዝኾኑ ኣትሌታት ከምዝሳተፉ ተረጋጊፁ 'ዩ። ይኹን እምበር ካብዚኦም ማእኸል ሓንቲ ዝኾነት ኢትዮጵያዊት ናይ ማእኸላይን ነዊሕን ርሕቐት ኣትትሌት ዝኾነት ጉዳፍ ፀጋይ ተሳትፎኣ ከምዝሰረዘት ተፈሊጡ 'ዩ። ናይ ገዛ ውሽጢ ቻምፒዮና ሓዊሱ ኣብ ኦሎምፒክ፣ ዓለምለኸ ሻምፒዮና፣ ብሊግ ዳያመንድ ከምኡ 'ውን ካልኦት ውድድራት ኢትዮጵያ ዘፀወዐት ንግስቲ 5ሽሕ ናይዚ ዓመት መጀመርያ ውድድራት ክትጅምር 'ያ ተባሂሉ ትፅቢት እንተተገበረ 'ውን ውድድራ ከምዘናውሐት ተረጋጊፁ 'ዩ። ኾይኑ ግና ብ1500ሜትር ርሕቐት ከምዝትሳተፍ ኣቐዲማ ዘፍለጠት ኣትሌት ሂሩት መሸሻ ከምኡ 'ውን ብ3ሽሕ ሜትሮ ዝጎይይ ኣሊ ኣብዲልማና ሓሳቦም ዘይቐየሩ ዝሳተፉ ኢትዮጵያውያን 'ዮም።

ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ ብርኪ ወርቂ ዘለዎን ኣብ ቦስተን ዝካየድ ኒው ባላንስ ግራንድ ፕሪክስ ዝተለመደ ተዓዋታይነታ ንምዝዛም ተዳልያ 'ያ። ኣብ ዝሓለፈ ውድደር ዓመት ዕውት ግዜ ዘሕለፈት እዛ ኣትሌት ኣብ መልሲ ዓለምለኸ ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣብ ዲያመንድ ሊግ 5ሽሕ ሜትሮ ክብረወሰን ምስባራ ዝዝከር 'ዩ። በዚ ድማ እታ ኣትሌት ናይ ዓለም ብልፅቲ ኣትሌት ሕፅይቲ ከምዝኾነት ናይ ቀረባ እዋን ተዘክሮ 'ዩ። ጉዳፍ ውድድር ገዛ ውሽጢ 'ውን 1500 ሜትሮ ተዓዋቲት እንትትኾን ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2016 ኣብ ፓርትላንድ ሃገራ ብምውካል ባዓል ዋና ናሓስ ኾይና 'ያ። ኢትዮጵያ ብብርኪ ዓለም ቀዳመይቲ ኾይና ኣብ ዝዛዘመትሉ ቅድሚ ኽልተ ዓመት ቤልግሬድ ዝተገበረ ቻምፒዮና በዚ ርሕቐት ሜዳልያ ክትረክብ ክኢላ 'ያ። ብምኻኑ እታ ኣትሌት ብዘላቶ ወድዓዊ ቅዋምን ካብ ዘለዋ ልምዲ ኣንፃር ብቱር ውድድር ዓብይ ነጥቢ ብምምዝጋብ ንቻምፒዮና ቀጥታ ምስታፍ እትኽእለሉ ዕድል ክትረክብ 'ያ ዝብል ግምት ብቤተሰብ ስፖርት ትኹረት ተዋሂብዋ 'ዩ።

ብካልእ ወገን ድማ በዚ ውድደር እቲ ውድድር ካብ ዘድምቕዎ ኣትሌታ ሓደ ኢትዮጵያዊ ለሜቻ ግርማ 'ዩ። ኣብ ዓለም ቻምፒዮና ናይ ሰለስተ ግዜ ከምኡ 'ውን ኣብ ኦሎምፒካ ሓደ ግዜ ሜዳልያ ብሩር ዝረኸበ መንእሰይ ኣትሌት ኢትጵያውያን ብ3ሽሕ ሜትሮ መሰናኽል ካብ ዘፀውዑ ውሑዳት ኣትሌት ሓደ 'ዩ። እዚ ድማ እቲ ውድደር ትፅቢት ንክግበረሉ ዝገበሮ እንትኾን ተፎካኺርቲ ብምሽናፍ ኣብ ግላስኮ ኢትዮጵያ ባዓልቲ ዋና ሜዳልያ ክገብራ 'ዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ።

ኣብዚ ውድድር ካብ ዝካፈሉን ተዓወቲ ክኾኑ 'ዮም ተባሂሉ ተስፋ ዝተውሃቦም ኣትሌታት ካሊእቲ ኢትዮጵያዊት ድማ ኣትሌት መዲና ኢሳ 'ያ። ናይ ዓለም ትሕቲ 20ዓመት ናይ 5ሽሕ ሜትሮ ክብረወሰን ባዓል ዋና ኣብዚ ውድደር ፅቡቕ ውፅኢት ከምተምፅእ ተገሚቱ ኣሎ።

## ስነ ስርዓት ኣከባብራ ባዓል ጥምቀት

**መኣዲ ጥበብ**

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ጥምቀት ብእምነት ተኸተልቲ ክርስትና በቢዓመቱ ብድምቀት ዝኽበር በዓል 'ዩ፡፡ ብፍላይ ብሰዓብቲ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኣከባብርኡ ካብ ከተራ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ድሮ እቲ በዓል መድሓኒትና እየሱስ ክርስቶስ ናብ ዮርዳኖስ ሩባ ዝወረደሉ ተምሳሌት ብምግባር ታቦታት ብፍሉይን ድሙቅን ተዓጀቦም ናብ ሩባ ወይ ሜዳ ወሪዶም ዝሓድሩሉ 'ዩ። ብፅባሒቱ ድማ ስርዓት ጥምቀት ምስተኻየደ እቶም ታቦታት ነናብ መንበሪኦም ብመዝሙር ተዓጂቦም ዝመለስሉ ስነ ስርዓትን ዝካየደሉ በዓል'ዩ።

ጥምቀት ካብ ሃይማኖታዊ ስርዓቱ ሓሊፉ ሓድነት ኣብ መንጎ ህዝቢታት ምትእስሳር ዘጠናኽርን ዘከባብርን በዓል 'ዩ፡፡ ኣብቲ በዓል ብዙሓት ባህላዊ ክብሪታት ዝንፀባረቑሉ ስለዝኾነ ንሓድነት ህዝቢ ዝጠቕሙን ክብርታትን ፀጋታትን ዝረኣይሉ ባዓል ስለዝኾነ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ነዚ ባዓል ንምዕዛብ ብዙሓት ኣጋይሽ ድማ ዝመፅሉ 'ዩ። ነዚ ባዓል ካብ ዝተፈላላየ ዓለማት መፂኦም ዘኽብርዎ ዉሑዳት ኣይኾኑን፡፡ በዚ ምኽንያት ብመልክዕ ቱሪዝም ዘርክቦ ኣታዊ ቀሊል ኣይኾነን፡፡

ባዓል ጥምቀት ካብ ሃይማኖታዊ ኣከባብርኡ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ እቲ ባዓል ዝገልፁ ፀወታታት 'ውን ዝንፀባረቐሉ 'ዩ፡፡ ካብዞም ፀወታታት እቲ ሓደ ድማ ሃርሞኒካ ትንፋስ ብምጥቃም ዝድመፅ መሳርሒ ሙዚቃ 'ዩ። ኣብ ኣፍ ብምግባር ናብ ኽልቲኡ ጎኒ ብምንቅስቓስ ድምፂ ከውፅእ ይግበር። ፀወታ ሃርሞኒካ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለም ዝፍለጥ እንተኾነ 'ውን መበቆሉ ግና ኣብ ውሽጢ ኣውሮፓን ኣሜሪካን 'ዩ።

በብዓመቱ ጥሪ 11 ዝኽበር በዓል ጥምቀት ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብፍላይ ጃን ሜዳ ፀወታ ሃርሞኒካ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ መድመቒ እቲ በዓል 'ዩ። መናእሰይ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢ ተኣኪቦም ክቢ ብምስራሕ ይፃወቱ። በዚ ምኽንያት ድማ ሃርሞኒካ መለለዩ ጥምቀት ኾይኑ 'ዩ። ካልእ ድማ ኣብ ባዓል ጥምቀት ደቂ ተባዕትዮ ንሓዳር እትኽውን ጎርዞ ዝመርፅሉ እዋን 'ውን 'ዩ፡፡ ንባዓል ጥምቀት ከኽብራ ዝመፃ ደቂ ኣንስትዮ እታ ዝመረፃ ጎርዞ



**ኣከባብራ ባዓል ጥምቀት**

ለሚን ብምድብራይ ከምዝሓረያ ዝገልፀሉ ከይዲ 'ዩ፡፡ በዚ ድማ ባዓል ጥምቀት እንትኽበር ከም መተሓፃፀይ ተገይሩ ዝውሰድ 'ዩ፡፡

ኣብ እዋን ባዓል ጥምቀት ብፍላይ ድማ መናእሰይ ካብ ንጉሆ ጀሚሩ ክሳብ ምሸት ካብ ገዛ ወፃኢ 'ዩ ዘኽብሮ፡፡ ብልምዲ 'ውን ባዓል ጥምቀት ካብ ገዛ ወፃኢ 'ዩ ዝኽበር ክባሃል ይስማዕ፡፡ ኣብ ገዛ ዝነበሩ ባህላዊ ኽዳውንቲ 'ውን «ንጥምቀት ዘይኾነ ቀሚስ ይቐደድ» እናተብሃለ ኣብዚ እዋን ንክወፁን ክኽደኑን ይግበር፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ ባዓል ጥምቀት ዝገልፁ ኣከዳድናታት ማለት 'ውን ፃዕዳ ኽዳውንቲ ብምኽዳን ከምኡ 'ውን መዝሙራት ብምዝማር እቲ ባዓል ደሚቑ ክውዕል ዝገብሮ መናእሰይን ብሓፈሻ ተኸተልቲ እቲ ሃይማኖትን ዉሑዳት ኣይኮኑን፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ዘይድህሰስ ሓድጊ ዓለም ኮይኑ ተመዝጊቡ 'ዩ። እዚ በዓል ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብድምቀት ዝኽበር ባዓል'ዩ። ኣብ ክልል ትግራይ እንተሪእና ድማ በዓል ጥምቀት ኣብ መላእ ትግራይ ብድምቀት ዝኽበር እንትኾን ብደረጃ ክልል ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣብ ከተማ ማይጨዉ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ተሰንዩ ብዝለዓለ ድምቀት እናተኸበረ ምፅንሑ ዝዝከር 'ዩ። ታሪኻዊት ከተማ ማይጨው፣ እምባ ኣላጀ፣ ካብ ትግራይ እቲ ዝዓበየ ጎቦ ፅበት፣ ብሕታዊ ተፈጥሮኣዊ ቃላይ ትግራይ ዝኾነ ቃላይ ሓሸንገ፣ ደኒ ሕጉምብርዳ፣ ኮረፈ ኦፍላ/ኮረም፣ ገዳማት ማሕበር በኩሩን ኣባ ጉባን፣ መስጊድ ሕጅቢ ወራባየ ወይ ጎልጎል ራያ ንምርኣይን እቲ ኣዝዩ ምቁር ባህሊ ራያ ንምስትምቓርን ናብቲ ቦታ ዝጓዓዝ ህዝቢ ቀሊል ኣይኮነን፡፡ በዓል ጥምቀት ትግራይ ኣብ ዞባ ደቡብ (ራያ) ብዝለዓለ ድምቀት ክኽበር ተሎ ምድላዋት ቀዲሙ ዘዳላወሉን ብዙሓት ተወለድቲ ትግራይ ናብ ቦታ ኸይዶም ዘሕልፍሉን ቦታ 'ዩ፡፡ በዓል ጥምቀት ኣብዚ ቦታን ኣብ ካልኦት ኸባብታት ትግራይን ሃይማኖታዊ ስርዓቱ ብዝሓለወ ባህልን ልምድን ፀጋን ህዝቢ ከይለቐቐ በቢ ዓመቱ ብድምቐት ዝኸበረሉ ቦታ 'ዩ፡፡

ጥምቀት ተፈታዊ ሃይማኖታዊ ባዓል ስለዝኾነ ትሕዝቱኡ ኣፅኒዕኻ ብምሓዝ ናብ ሰናይ ተግባር ብምልዋጥ በፃሕቲ ዓዲ ንምስሓብ ዘለዎ ግደ ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ኣከባብራ እቲ ባዓል ዓብይ ትኹረት ክንገብረሉ ይግባእ፡፡